# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 23 ዓመት ቁ. 332 29 ሓምለ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ



ሰሉስ

ገጽ 3
ኣራት ማሌዥያ እንታይ ወሓጦ?



ገጽ 4
ምኽሳኡስ ርእሰ ምርኮሳ ቈልዑ


ገጽ 5
ከሎጌል ሚካኤል - ኣቦ መካዘኑትን ተወፋይነትን

ገጽ 10
ብረይል


ገጽ 11
ዓለማዊ መዓልቲ ኦሎምፒክ ተዘኪሩ



# ዒድ ኣል-ፈጥር ኣል-መባርኽ፡ ብኽቡብ ዝበለ ማዕርግ ተባዒሉ





ዒድ ኣልፈጥር ኣልመባርኽ ትማሊ 28 ሓምለ ኣብ መላእ ሃገር ብኽቡብ ዝበለ ማዕርግ ተባዒሉ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ መእመናን "ኣላሁ ኣክበር" እናበሉ ብንምሆኡ ናብ ሜዳ ባሕቲ-ማስከረምየም ንሓባራዊ ሰላት ዒድ ተኣኻኺቦም።

ኣብ'ቲ ሳዕለዎት ሰበ-ሰልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ዲፕሎማሲያውያን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ብኣሸሓት ዝቚጸሩ ምእመናን ኣብ ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ምእመናን ብመፍቲ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ዐሶማን ኣልኣሚን እናተመርሑ ሰላት ዒድ ኣብጺሖም።

መፍቲ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ዐሶማን ኣብ ዘሰምዕዎ ኹጥባ፡ ወርሒ ረሞዳን - ወርሒ ምሕረትን ሓልዮትን፡ ወርሒ ፍቕርን ሰላምን ምዃኑ ጠቒሶም፡ ንኩቡሳና በዚ ኩበርታት'ዚ ኣብ መንገዲ ቅንዕና ክንመርሓ ተላብዮም።

ሸኽ ኣልኣሚን ኣስዒቦም፡ ኣብዚ ክቡር ዕለት ዒድ፡ ካብቲ ዘሎትና ዞባት ከነውጽእ፡ ንዘተጸገሙ ክንሕግዞ፡ ንዝሓመሙ ክንጸናንዕ፡ ንዝተባእሱ ክንዓርቖን ንዝበደሉና ክንሓድገሎም ከም ኡ'ውን ሃንሓድሕድና ይቕረ ክንበሃሃልን ክንፋቐርን ብምልባው፡ ንሃገርና ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ዒድ ኣልፈጥር ኣልመባርኽ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዜናን ፖሊስ ኤርትራን፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ህዝባዊ በዓል ተኻዪዱ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና ድማ ብፍላይ - ዒድ መባርክ ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታዊ በዓላቱ ብሓባር ከበዕሎ ናይ መጀመርታ ከምዘይኮነ፡ እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ዝልለየሉ ብሉጽ ኩበርታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ኩበርታት'ዚ ከዕቀብን ኣሉታዊ ተርእዮታት ከውገድን ምእንቲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት መራሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ባህ. 'ኣራብ' ናይ ፖሊስ ኤርትራ ብዘቕረብዎ ባህላዊ መደብ ደሚቑ ወዲሉ።



# ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር ኣልመባርኽ

# ነበርቲ ማይ-ሓባር፡ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ ዝጀመርዎ ማእቶታዊ ንጥፈታት ብዝሓየለ ውዓብ ይቕጽሉዎ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ሓባር - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ ዝባደመ መሬት ናብ ንቡር ንምምላስን ካብን ናብን ዓዶም ዝንቀሳቐሱሉ ጽርግያ ንምስራሕን፡ ብዝሓየለ ውዓብ ማእቶታዊ ወፈራ የሳላስሉ ኣለዉ።

ኣቶ ሑሴን ማሕሙድን ወይዘሮ ኢትዮጵያ መንግስትኣብን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ከባቢኦም ካብ ፍግረ-መሬት ንምክልኻልን ሓደስቲ ኣግራብ ንምትካእን፡ ዛላታትን ከትርታትን ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ይነጥፉ ምህላዎም ብምግላጽ፣ ብኮም ተወዲቡካ ዝካየድ ስራሕ ውጽኢቱ ኣድማዒ ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ዝተዋህቦም መደባት ንምትግባር ብውህደት ይሰርሑ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣብ ከባቢኦም ዝካይድዎ ዘለዉ ሰፊሕ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ዝካየድ መደባት ልምዓት ምዃኑ ዝጠቐሱ ቀሺ ገረዝግሄር ሃይለማርያምን ወይዘሮ ፋጥና መሓመድ-ሽፋን ብግደኦም፣ ውጽኢት ወፈራዊ ማእቶት ኣብ ባይታ ስለዝረኣይዎ፡ ብዝለዓለን ዝሰፍሐን መልክዑ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ሓባር ኣቶ ኣሕመድ ዑመር ድማ፣ መዓልታዊ 400 ጉልበት ሰብ ኣብ ምጽጋንን ምስራሕን ዛላታትን ከትርታትን፣ ከምኡ'ውን ምጽጋን ጽርግያ ይወፍር ከምዘሎ ብምምልካት፣ ህዝቢ ንዘርእዮ ዘሎ ትጉህ ተሳትፎ መጒሱ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ሎሚ ሰሉስ'ውን ብምኽንያት ዒድ ኣልፈጥር ኣልመባርክ ህዝባዊ በዓል ምዃኑ ንሕብር።

ርእሰ – ዓንቀጽ

# ንቕሓትን ልባናን ዝሰረቱ ጭውነት

ኣብ ወሻጢ ሃገርን ወጻኢን ዝርከብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ትማሊ፣ ከም ናይ ወትሩ ልማዱ ንዒድ ኣልፈጥር፣ ብኽቡብ ዝበለ ደምቀት ኣኽቢርዎ ውዒሉ። ከምዝፍለጥ፡ ኣብ ኤርትራ፣ ናይ ሓደ እምነት በዓል፡ ንስዑቡ፡ ናይቲ እምነት ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ናይ መላእ ህዝቢ በዓል ኮይኑ፣ ብሓባርን ወሃደትን እዩ ዝኽበር። እዚ ፍሉይነት'ዚ፣ መሰረቱ ልዑል ንቕሓት ዝሰረቱ ጭዋ ባህሊን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፣ ብዕምቈት ንምርድኡ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኡ ምውካስ ኣገዳሲ ይኸውን።

ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ዝሃይማኖታት ምስልምናን ክርስትናን ዝተቐበሉ ቀዳሞት ህዙባት ዓለምና እዩ። ክርስትና ኣብ 3ይ ክፍለዘመን፡ ምስልምና ድማ፡ ኣብ መጀመርታ 7ይ ክፍለዘመን፡ ምስቶም ቀዳሞት ኣመንቲ (ሱሓባ) ናብ ኤርትራ ዝኣተወ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፣ ንክልቲኦም ሃይማኖታት፡ በስጉዳድ ዘይኮነ ብፍታው ኣሚኑን ብትሕዝቶኦም ተማሲጡን እዩ ተቐቢልዎም። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ሃይማኖት እቲ ልክዕ መረዳእታን ሰፊሕ ኣመለኻኽታን ዘለዎ ህዝቢ እዩ። ፍልስፍናን መዓልቦን ኩሎም እምነታት ማሕበራዊ ሰላምን ፍቕርን ምፍጣር ምዃኑ ብዕምቈት ስለዝርድእ ድማ፡ ንኹሎም እምነታት ብኽቡሪ እናጠመተ፡ ምርጫ ሓድሕዱ እናኸበረ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ በዓላቱን ጽምብላቱን እናተሓዋወሰ፡ ብኣርኣያነት ክጥቀስ ዝኽእል ናይ ሰላምን ምክብባርን ዘኹርዕ ባህሊ ከማዕብል በቒዑ። ንብዙሕ ዘመናት ብኸምዚ ዝኣመሰለ ምዕቡል ኣመለኻኽታን ንቕሓትን፡ ኣብ ጽላል ሃብታም መንፈሳዊ ቅሳነት ዝተነብረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዘካየዶ ቃልሲ፡ ብሓባር ተሰሊፉ ብሓባር ረዚን መስዋእቲ ምኽፋሉ እውን ኑቲ ብዓንተቦኡ ዘኹርዕ ባህሉን ሃይማኖታዊ ንቕሓቱን ዘሐይል ጥምረት ክድርዕሉ ክኢሉ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክውንነ ዝኸኣለ ጸጋ ዝያዳ ዝኽልሑ፡ ምስ ካልእ ብምንጽጻር እዩ። ታሪኽ ካልእ ከባቢታት ምስ እንውክስ፡ ሃይማኖታት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለምና ምስ ወራርን ምስፍሕፋሕ ግዝኣትን ተኣሳሲርም ብሓይልን በስጉዳድን እዮም ተኣታትዮም። ከም ወጽኢቱ ብዙዕባ ሃይማኖት ኣብ ብዙሓት ልክዕ መረዳእታን ብሱል ኣመለኻኽታን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ስለዚ ድማ እዩ እዚ ኩነት'ዚ፣ ጠንቂ ጸበት ኣእምሮን ድንቁርናን ኮይኑ፡ ባህሊ ምጽውዋርን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣጥፊኡ፡ ሰፍን ጎዛሞን ከማዝዘን ኣሕዋት ከፋልሰኑ ብተደጋጋሚ እንዕዘቦ።

ብመንጽር'ዚ ክውንነት'ዚ ክንጥምቶ እንክለና እምበኣር፣ ሃገርና እትውንኖ ጸጋ ናይ ሓድነት፡ ሓድሕዳዊ ፍቕርን ሃይማኖታዊ ምክብባርን እምብዛ ዘሐቡን እዩ። ፍሉይን ደሙቓን ኣከባብራ ሃይማኖታዊ በዓላትና ከኣ፡ መሰረቱ እዚ ዝተጠቕሰ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታን ኣብ ነዊሕ ዘመናት ዝተኸሰከሰ ክብርን እዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፣ ማዕከናት ዜና ኤርትራ፡ ነዚ ዘኹርዕ ክብሪ'ዚ ኣብ ምጉላሕ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ክሕደ ዝጉብኣ እዩ። ክብርን ሞገስን ኑቲ ወናኒ ልዑል ንቕሓትን ጭዋ ባህልን ህዝቢ ኤርትራ!

## መዓልታዊት ጋዜጣ


**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍስ. 125013 - ቍሳጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምሲጋና ተዓገስ


# ነበርቲ ኣቝርደት፡ ብልዑል ሱታፌ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣካይዶም

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሸላብ፡ ዓደርደ፡ ኢንገርኒ፡ ደገሰይ፡ ደረትን እንደራየብን፡ ብጋንታታት ተወዲቦም ዕውት ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምዘሰላስሉ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ህዝቢ ተወዲቡ ዘሰላስሎ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ንውጽኢት ሓባራዊ ስራሕ ዘጕልሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝተዓመ ሓመድን ማይን ናይ ምዕቃብ ንጥፈታት ኣብ ሕርሻዊ እቶታውነት እወታዊ ተራ ከምዝህልዎ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝካየዱ ከኢላታት ሕርሻ ገሊጾም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ረብሓ ማእቶታዊ ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድማ ብፍላይ ተገንዚቦም፡ ኣብ ኩሎም ዝተወጠኑ መደባት ብንጥፈት ሳላ ዝተዋስኡ፡ ናይ ሕርሻ መሬቶም ክራማት ቅድሚ ምእታው ከምዘደላደሉን ከትርታትን ዛላታትን ከምዘሰርሑን ብምምልካት፡ ኣብ ሕርሻዊ እቶቶም እወታዊ ተራ ክጻወት ልዑል እምነት ከምዘለዎም ኣብሪሆም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ እንደራየብ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ ዑስማንን ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ኣቝርደት ኣቶ ኢያሱ ሃይለን ብወገኖም፡ እቲ ብምውህሃድ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ዝተሳለጠ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታትን ማይ ክዖታትን ዘተኰረ ብምንባሩ፡ ፍግረ-መሬት ኣብ ምክልኻልን ሕርሻዊ እቶታውነት ኣብ ምኽዕባትን ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ጠቒሶም፡ ህዝቢ'ተን ምምሕዳራት ከባቢ፡ ክራማት ቅድሚ ምእታው ሕርሻዊ ምድላዋቱ ከምዘጻፈፈ ኣረዲኦም።

# ማስመር ማይምነ - ዓዲ-ኳላ ብወፈራ ተጸጊኑ

ብዝናብ ክራማት ተበላሽዩ ንተሸከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ መስመር ማይምነ - ዓዲ-ኳላ፡ ብወፈራ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን ተጸጊኑ።

እቲ ንምንቅስቓስ መካይን ዘጸግም ዝነበረ ጽርግያ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዳብረን ዓዲ-ናላን ዝርከብ ኮይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተወሰደ ናይ ምጽጋኑ ተበግሶ እቲ ዝጸንሐ ስክፍታ ከምእተቐንጠጠ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣነጺሩ።

ተሳተፍቲ ማእቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ጽርግያ ነቲ ክሳብ ማይ-ምነ ዝጎዓዝ ሰብን ንብረትን ኣጸጋሚ ስለዝነበረ፡ ንምዕራዩ ብዝወደብዎ ወፈራ ዕዉት ስራሕ ከምእተዓመ ጠቒሶም፣ እቲ ስራሕ ብዝናብ ክራማት ክበላሾ ስለዝኽእል፡ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ክናድየሉ ጸዊዖም።

# ዓንሰባ፡ መረዳእታ ህዝቢ ኣብ ኣገልግሎት ባንክ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ

ባንክ ንውልቃውን ሓባራውን ገንዘብ ውሑስን ኣተኣማማንን ዓቃቢ ከምዝኾነ ኣፍልጦን ርድኢትን ህዝቢ እናሰፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ኣካያዲ ስራሕ ንግዳዊ ባንክ ጨንፈር ከረን ኣቶ ተወልደብርሃን ደበሳይ ገሊጹ።

ኣብ ተጠራቓምን ተንቀሳቓስን ሕሳባት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገልግሎት ሓዋላን ልቓሕን ዝርአ ዘሎ ዕቤት ብዝሒ ዓማዊል መርኣያ ናይቲ እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ርድኢት ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣቶ ተወልደብርሃን፡ ብፍላይ ቊጽሪ ኣዋህለልቲ ኣብ ውሽጢ 5 ዓመታት ካብ 30 ሽሕ ናብ 45 ሽሕ ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

ምስ ዘመናዊ ህንጻ ዝተኣታተወ ኮምፕዩተራዊ ኣሰራርሓ፡ ኣብ ስሉጥነትን ምንካይ ሃልኪ ጉልበትን ዝኣመሰለ ንጥፈታት'ቲ ባንክ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ብምብራህ ድማ፡ ኣገልግሎት ቸክ ኣብ ምንዋሕ ዕምሪ ዝተሓትመ ገንዘብ ዝጻወቶ ተራ ብቐሊል ስለዘይጥመት ምትብባዕ ከምዝግበረሉ ጠቒሱ፡ ነጋዶን ብርክት ዝበለ ገንዘብ ዘንቀሳቕሱን ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ተገልገልቲ ዝያዳ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ክረኽቡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምትእትታው ሓድሽ መሳርሒታትን ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዝግበር ብምንጻር ድማ፡ እኹል ተመኩሮ ተጠርዩ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣካያዲ ስራሕ ንግዳዊ ባንክ ጨንፈር ከረን ኣቶ ተወልደብርሃን ደበሳይ ኣብ መወዳእታ ንልቓሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሕርሻውን ንግዳውን ንጥፈታት ንምትብባዕ ብዝለዓለ ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ዛጊት ድማ ልዕሊ 60 ሚልዮን ናቕፋ ብልቓሕ ከምእዓደለ ብምብራህ፡ ሓረስቶት ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ግቡእ ቅጥዒ ምስ ዘማልኡ ዝሰፍሐ ዕድላት ልቓሕ ከምዘለዎም ኣነጺሩ።

# መደበር ፈልሲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ክረምቲ ዝትከል ልዕሊ ርብዒ ሚልዮን ፈልሲታት ኣዳልዩ

መደበር ፈልሲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ን7 ኣዋርሕ ከፍልሶ ዝጸንሐ ልዕሊ 256 ሽሕ ፈልሲታት ንተጠቀምቲ ክዕደል ድሉው ከምዝነበረ፡ ክኢላ ምግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ወልዱ ጉብረገርገስ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብህዝባዊ ማእቶታዊ ኣብ ጎቦ ፎርቶን ዝተፈላለየ ሕዝእትታትን ኣብ ዝተኻዕተ ጎናጉዲ ከም ቀላሚጦስ፡ ጎሞሮ፡ ዒቃ፡ ቀልቋልን ዋይባን ዝኣመሰለ ኣግራብ ክትከል ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ወልዱ፡ 35 ሽሕ ፈልሲታት ብቐረምታዊ ማእቶት ተመሃሮ ክትከል መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብዮተ-ትምህርቲ፡ መንግስታውን ብሕታውን ትካላት፡ ከምኡ'ውን ኣብዮተ-ጸሎትን ውልቀ-ነበርትን ተጠቀምቲ ናይቲ ተዳልዩ ዘሎ ፈልሲታት ምዃኖም ብምሕባር ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ህላወ ገረብ ንውዲሱብ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ኣብ ምትካል ኣግራብ ክዋፈርን ዝበረሰ ኣግራብ ንምትካእ ክተጥፍን ጸዊዑ።

ካብ ሰራሕተኛታት ናይቲ መደበር ፈልሲ ኣቶ ክፍለ ተስፋልደትን ወይዘሮ ክብራ ሃዋርያትን ብወገኖም፡ እቲ ኣብ ምናጽ ሓመድን ድኹዕን ዝዓሎ ፈልሲታት ልዑል ምክትታልን ጥቡቕ ቀጸጽርን ከምዝካበረሉ ብምሕባር፡ ንሕኦም'ውን ጽቡቕ ናይ ስራሕ ባይታ ፈጢሩሎም ምህላዉ ኣረዲኦም።

ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ካብ'ቲ መደበር ዝተወሰደ ፈልሲ ወጽኢቱ ጽቡቕ ምዃኑ ኣብ ባይታ ከምእተረጋገጸ ዝሓበረ ክኢላ ምግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ወልዱ ጉብረገርገስ ንዝያዳ ዓወት ዝካየድ ጻዕሪ ክሕይልን ንዝትከል ጥቡቕ ሓለዋን ምክትታልን ክግበረሉን ኣዘኻኺሩ።




# ኣህጉራዊ ጉዳያት

ኢ.ንጂ. ርስቶም በረኸት

# ኑራት ማሌዥያ እንታይ ውሓጦ?

ንብረት ማሌዥያ ዝኾነት ቦይንግ 777 ዝዓይነታ ኑራት-MH17፡ 298 ጊያሾ ጸዒና'ያ ብ17 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ካብ ኣምስተርዳም (ሆላንድ) ናብ ኳላ ላምፑር (ማሌዥያ) ነቒላ። ኣብ ዝሓሰቦቶ ከይበጽሐት ግና ከባቢ ሰዓት 4:30 ካብ ሰማያት ምብራቓዊ ወገን ዩክሬን ቁርጽራጽ ናይታ ኑራትን ኣካላት ወዲ ሰብን ናብ መሬት ክውርወር ጀመረ። ድሕሪ ሓደት ደቓይቕ ከኣ ባል ባል እናበለት 40 ኪ.ሜ ካብቲ ንሩሲያን ዩክሬንን ዘራኽብ ዶብ ርሒቓ ቶረዝ ኣብ ዝበሃል ቦታ ወዲቓ ተሓምሸሸት። ምስኣ ዝበሩ 298 ሰባት ድማ ብዘይ መላሲ ኣውያት ጠፊኦም።

ናብ ሩሲያ ክትኣቱ ተረኺያ ዝተባህለት መኪና ድማ እቲ ዝተንቀሳቐሰትሉ ከባቢ ሰራዊት ዩክሬን ካብ ወርሒ ሓሙሽተ ጀሚሩ ተቘጻጺሩዎ ዘሎ'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተፈነወ ናይ ደምጺ ጭብጢ ዝተገብረ መርመራ'ውን እቲ ደምጺ ዝተማስርሐ ምኻኑ ከምዝተረጋገጸ'ያ ትገልጽ ሩሲያ።

ኣመሪካ ብወገና ዚ ብመንግስቲ ዩክሬን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ (social media) ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ምርኩስ ብምግባር፡ ኑቲ ሓላፍነት ኑየም ብሩሲያ ዝድገፉ ተቓወምቲ ወገናት ዩክሬን'ያ ኣሰኪማቶ። ብዓቕሞም ክፍጽም ከምዘይክእል ብምግላጽ ድማ ሩሲያ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኢድ ከምዘለዋ ዝተረኽበ ሓበሬታን ኑቲ ብዩክሬን ክውሃብ ዝጸንሐ ሓበሬታ ዘይኑ'ዩ። ሩሲያ ቀቅድሚ'ቲ ሓደጋ ኣብ ሰማያት ምብራቓዊ ዩክሬን ሓንቲ ሶኾይ SU-25 ዝዓይነታ ኑራት ኩናት ዩክሬን ትብርር ከምዝነበረት ካብ ራዳር ሓበሬታ ከምዝረኸበት'ያ ተረድእ። እታ ኑራት ኩናት ምስታ ዝወደቐት ናይ ህዝቢ ኑራት ኣብ ተመሳሳሊ ልዕሊትን ሓደ መስመርን 3-5 ኪ.ሜ ርሒቓ'ያ ትበርር ነይራ። በቲ ዓጢቓቶ ዝነበረት ናይ ሓጺር ርሕቀት ሚሳይል ወቒዓ ክተውድቓ ዓቕሚ ከምዝነበራ ብምግላጽ ድማ፡ ቁንቅኛኡ እንታይ ምኻኑ ዩክሬን መብርሂ ክትህበሉ ሩሲያ ትጽውዕ።

ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ሩሲያ ከምዝገልጾ፡ MH17 ካብ ቀንዲ መስመራ 14 ኪ.ሜ ኣላጊሳ ክትበርር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብቲ ቀንዲ መስመራ ከይተመለሰት'ያ ግቡእ መልሲ ኣይሃበትን። ዋሺንግቶን ጭብጥ ምርምራዊ ሓበሬታ ክትዝርግሕ ምኻናን ዘይምኻናን ተሓቲታ'ውን ካብ ቀንዲ መልሲ ብምህዳም ኑቲ ብሩሲያ ዝቐረበ ጭብጥታት ከምዘይርኣየቶ'ያ ገሊጹ። ብዘዕባ'ቲ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ርኢናዮ ዝበልዎ፡ ተቓወምቲ ወገናት ኑታ ኑራት ምስ ኣውደቕዋ ፈለማ ክሕጉሱ ደሓር ግን ናይ ህዝቢ ምኻና ምስ ፈለጡ ክስንበዱ ከለዉ ዘርኢ ሰእሊ ጭብጥታት ከቕርቡ እንተኾኑ'ውን ሓቲቶዋ'ዩ። ንሳ ግን፡ "ሓደ ሓደ እዋን ብገለ ምኽንያት ክይትዕወት ትኽእል ኢኻ" ብምባል ኣብ መውዳእታ ዝኾነ ጭብጢ ክርከብ ከምዝይክኣል'ያ ኣረዲኣ።

እቲ ካልእ ዘገርም ዘሎ ኣመሪካ ክትሓብኦ ትኽእል ሓበሬታ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ መንፈቕ ኣመሪካ ንምብራቓዊ ወገን ዩክሬን ብዕቱብ


ጠንቂ ምውዳቕ ናይታ ኑራት ካብ መሬት ዝተተኩሰ ሚሳይል ከምዝኾነ'ዩ ዝእመን። "ነታ ኑራት ዘውደቐት ሚሳይል ንምትኳስ ቃታ ዝሰሓበ መን'ዩ?" ዝብል ሕቶ ግን ዛጊት ጭብጥ መልሲ ኣይተረኽቦን። በዚ ድማ ኣመሪካን ሩሲያን ኣብ ሓድሽ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ወጥሪ ኣትየን ኣለዋ። ካብ መንግስቲ ዩክሬን ኣብ ፈለማ ዝተፈነወ ዜና፡ ኑቲ ትራጀዲ ተቓወምቲ ወገናት ናይታ ሃገር ብሓገዝ ሩሲያ ከምዝፈጸምዎ'ዩ ዘመልክት። ሰዓታት ቅድሚ'ቲ ፍጻመ ሚሳይል ዝተሰከማ ስርሓት ሩሲያ ዝኾና መካይን ናብቲ ከባቢ ከምዝተንቀሳቐሳ ከኣ የረድእ። ድሕሪ'ቲ ዘሰቅቕ ፍጻመ ድማ፡ እተን መካይን ናብ ሩሲያ ክምርሓ ከምዝተራእያ ይሕብሩ። ሓንቲ ካብተን መካይን ገለ ሚሳይል ጉዲሉዋ ብምንባሩ ከኣ፡ ተኩሳ ካብ ዓይኒ ንምኽዋል ትሃድም ነይራ ክትከውን ከምትኽእል ይግምቱ። ብዘይካ'ዚ ተቓወምቲ ወገናት ነታ ኑራት ምስ ሃረሙ ብጌጋ ናይ ህዝቢ ኑራት ከምዝሃረሙ ክዛረቡ ከለዉ ዘሰምዕ ናይ ደምጺ ቅዳሕ ዘርጊሑ'ዩ - መንግስቲ ዩክሬን። እዚ ሓበሬታ ተኣማንነቱ ብዙሕ ኣይተቐበለን። ምኽንያቱ ሩሲያ ኑቲ ዩክሬን ከቕርቦ ዝጸንሐት ጭብጥታት ብዝተፈላለየ መልክዕ ከተፍርሶ ጸኒሓ'ያ። ብመሰረት ምንጭታት ሩሲያ፡ ዩክሬን ልክዕ ከምቲ ኣብ ምውዳቕ MH17 ወዓሉ ትብሎ ዘላ ሚሳይል፡ ኣብ ዕጥቂ ሰራዊታ ኣለዋ። እታ ገለ ሚሳይል ጉዲሉዋ ትወቅዕ። ገለ ምንጪታት፡ ኣመሪካ ነታ ኑራት ወተሃደራት ዩክሬን ክሃርምዋ ከለዉ ዘርኢ ናይ ሳተላይት ሓበሬታ ከምዘለዋ'የም ዝገልጹ። እታ ናብ ሩሲያ ኣቐኒዓ ዝተባህለት መኪና'ውን ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ዩክሬን ከምዝነበረት ዘርኢ ናይ ሳተላይት ሓበሬታ ንኣመሪካ ከምዘለዋ የረድእ። "እየም ወተሃደራት ዝሰኸሩን ዲሲፕሊን ዘይብሎምን'የም ዝመስሉ። ምኽንያቱ ኣብ ከበሓም ብዙሕ ዝተደረበ ናይ በራ ጠራመዝ ደርእ'ዩ" ድማ ይብሉ።


ኣመሪካን ሰበ ስልጣን ዩክሬንን ብሞስኮ ዝድገፉ ተቓወምቲ ወገናት ዩክሬን 'በክ' ዝተባህለ ስርዓት ሚሳይል ተጠቒሞም ነታ ኑራት ከምዘውደቕዋ'የም ዝገልጹ። ኩይኑ ግና እዚ ሓበሬታ ምስቲ ኣቐዲሙ ዩክሬናዊ ኣኽባሪ ሕጊ ጀነራል ቪታሊ ያረማ ዝሃቦ ሓበሬታ ዝጋጮ'ዩ። እቲ ጀነራል፡ ተቓወምቲ ወገናት ከምታ ኑቲ ሚሳይል ተኩሳ ትበሃል ዘላ ኑራት ከምዘይውንኡ ንፕረዚደንት ዩክሬን ሓቢሩዎ ከምዝነበረ'ዩ ዝፍለጥ።


ኣብዚ ጉዳይ ኣመሪካ፡ ኣእሚሪ ጭብጢ ክትረክብ ብዘይምኽኣላ "እቲ ሚሳይል ስርሓት ሩሲያ'ዩ" ብምባል ኑቲ ደሪኑት ሓበሬታ ዘለዎ ህዝቢ ኣመሪካ ንምእማንን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ጸገው ዝጸንሐ ማዕቀብ ንምትራርን ኩሉ ኢላ ንሩሲያ ንምጥቃዕ ትዝርግሖ ዘላ ፕሮፓጋንዳ ምኻኑ'ያ ሩሲያ ትወቅስ። ሩሲያ ዘቕረበቶ ናይ ሳተላይት ስእልን ካብ ራዳር

ሓደጋ ረኺባዋ። ሰለስተ ደቒቕ ቅድሚ'ቲ ፍጻመ ፍጥነታ ጉዲሉ ከምዝነበረ ከኣ ይገልጽ እቲ ሩሲያዊ በዓል ስልጣን። ንሱ ሃገሩ ኩሉ ኣብ ኢዳ ዘሎ ሓበሬታ ንሰብ ስልጣን ኤውሮጳ ከተረክብ ተቐሪባ ከምዘላ'ዩ ዝሕብር። እታ ኑራት ንምንታይ መስመራ ስሒታ ከምዝበረረትን ብናይ መን ትእዛዝ ፍጥነታ ከምዝቐነሰትን ግን ኣብተን ብጥዑያተን ተረኺበን ዘለዋ ብ 'ብላክ ቦክስ' ዝፍለጣ መዕቁሪ ደምጺ ክርከብ ከምዝኽእል'ዩ ዝእመን።

ሩሲያ፡ ኣመሪካ ካብ ፖለቲካዊ ድርኺት ተበጊሳ፡ ሰረት ዘይብሉ ሓበሬታ ተጋውሕ ከምዘላ'ያ ትኸስስ። ጋዜጣ ኣሶሼትድ ፕረስ ንኣፈኛ መንግስቲ ኣመሪካ ብምውካስ ዚ ብሩሲያ ዝቐረበ ዘሎ ሓበሬታ ዝድግፍ ጽሑፍ'ያ ኣስፊራ። እታ ኣፈኛ ብወሃቢ ሓበሬታ ናይታ ጋዜጣ ማት ሊ፡ ብዘዕባ'ቲ ብሩሲያ ቀሪቡ ዘሎ ጭብጥታት መግለጺ ክትህብ ኣብ ዝተሓተተትሉ ኣጋጣሚ፡ ክትከታተሎ ከምዘጸንሐት'ዩ ዝፍለጥ። ኩይኑ ግና ሳተላይታት ኣመሪካ ኑቲ ዝተተኩሰ ሚሳይል ኣንቀሳቒሰን ንዝተባህላ መካይን ዘርኢ ጭብጥ ሓበሬታ ኣይሃባን። ልክዕ'ዩ ሰሊያዊ ሳተላይት ኣመሪካ ንኹሉ ክርእዮ ዝኽእል ኣይኮነን። ስርዓተ ሚሳይል 'በክ' ግን ቁመቱ 4.8 ሜተር'ዩ።




ኣብ ታንኪ ወይ ደማ ዓቢይቲ መካይን ተዋዲዱ'ዩ ደማ ዝትከሉ፡ ብዘይካ'ዚ እታ ኑራት ኣብ ግዜ ለይቲ ዘይኮነ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ'ያ ተሃሪማ። ጸላም ጋሪድዋ ክበሃል ከኣ ኣይክእልን። እዚ ኩሉ ክውንነት እንከሎ ንኣመሪካ ብኸመይ ክሕብኣ ከምዝኽእል ኣገራሚ ኩይኑ ምህላዉ ድማ ተዓዘብቲ ይገልጹ ኣለዉ። በዚ ድማ እታ ሃገር ኩነ ኢላ ዝሓብኣቶ ሓበሬታ ከይህሉ ይጥርጠር። ኣመሪካ እንተስ ኩነ ኢሉ እንተስ ዘይብላ ኩይኑ ኑቲ ናብ ሩሲያ ዝቐንዐ ወቐሳ ዝድግፉ ጭብጢ ከተቕርብ ኣይከኣለትን ዘላ።

ተንተንቲ ከምዝገልጽዎ ኣመሪካ ተሰምዖ ዘላ ቃና ልሙድ'ዩ። ንህዝቢ ኣመሪካ ናብ ጉደና ኩናት ንምእታው እትጥቀመሉ ሜላ ምኻኑ ድማ ይገልጹ። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ነበር ጀነራል ኮሊን ፓወል፡ ብዘዕባ'ቲ ኣብ ዒራቕ ኣሎ ዝተባህለ ኣጸናፊ ኣጽዋር ኣብ 2003 ናብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዘሰምዖ መግለጺ ብሓሶት ዝተኸተኸ ከምዝነበረ'ዩ ዝፍለጥ። "መንግስቲ ሶርያ ቀማማዊ ጋዝ ተጠቒሙ" ክትብል ኣመሪካ ዝገለጸቶ'ውን ጭብጢ ከምዘይተረኽቦ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ።

ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ሩሲያ ከምዝገልጾ፡ ኣብዚ እዋን ኣመሪካ ኣብ ብዙሕ ጂኦፖለቲካዊ ጉዳያት ተኸሲራ'ያ ዘላ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ እገዳ ብመንገዲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ኣብ ምሕላፍ፡ ኣብ ዩክሬን ከምኡ'ውን ኣብ ላቲን ኣመሪካ። ብብሪክስ (BRICS) - ብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን - ዝፍለጣ ሃገራት ዕዉት ዋዕላ ብምክያድ ንኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (IMF) ዝውዳደር ናይ ምዕባለ ባንክ መስሪተን ኣለዋ። በዚ ድማ ኣመሪካ ንምውዳቕ ኑራት ማሌዥያ፡ ኑቲ ክትከስሮ ዝጸንሐት ባይታ ንምምላስ ክትጥቀመሉ ትፍትን ከምዘላ ይገልጽ እቲ ሩሲያዊ በዓል ስልጣን። ንሱ ብምቕጻል፡ ምምሕዳር ዋሺንግቶን እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ንሩሲያን ዩክሬንን ንምርጻም ስለዝኾነ ክሃድእ ከምዘይከኣል'ዩ ወቒሱ።



# ምኽሉኻስ ርእሰ ምርኮሳ ቁልዑ

የሴፍ ሃይለማርያም

## ካልኣይ ክፋል

ቀደሚ ሓደት መዓልቲ ኣነን ወደይን ኣውቶቡስ ክንስቀል ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበልና ከለና፡ "እዚ ሱበኣይ ሒዝዎ ዘሎ ወረቐት እንታይ ኢዩ?" ኢሉ ሓተተኒ፡፡ ኣቓልቦኡ በታ ኣብ መንደቕ ባሕቲ መስከረም ተሳኢላ ዝጸበረት ሰኣሊ ከም ዝተሰረቐ ኣስተብሂለሉ፡፡ ከይመለስኩሉ እንከለኹ፡ "እዞም ሰወኣትካ ደኣ እንታይ'ዮም ዝጉብሩ ዘለዉ?" ክብል ከኣ ካልእ ሕቶ ኣሰዓበለይ፡፡

እታ ሰኣሊ ዝኾነ ይኹን ጽሑፍ የብላን፡፡ ኣብኡ ሓደ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብ፡ ፍርቃ ሰማያዊን ፍርቃ ከኣ ቀይሕ ዝሕብራ ወረቐት ክቐዳ እናተቐራረበ እንከሎ ይረአ፡፡ ኣብ ቅድሚኡ ከኣ ንሓንቲኣን - ነታ ሰማያዊት ወደሰ ነታ ቀያሕ ጭሪም - ቀዳዱ ዘእትወላ ኣብ ላዕለዋይ ክፋላ ቀዳድ ዘለዋ ሳንዱቕ ኣላ፡፡ ክልተ ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ዝዕዘብዎ ከኣ ኣብቲ ሰኣሊ ኣለዉ፡፡ ካብ ውሽጢ ደቦና ዝመስል ነገር ከኣ እዮም ዝጥምትዎ ዘለዉ፡፡ ኣጠማምቶኦም ዕትብት ዘለዎ'ዩ፡፡ ኣዒንቶም ከኣ ኣዘዮን ትኩራትን፡፡ 'እዚ ሱበኣይ እንታይ ክጉብር'ዩ?' ዝብል ሕቶ ከኣ ኣብ ኣእምሮኦም ዘሎ ይመስል፡፡

ነታ ሰኣሊ ቀራብካ ክትርእያ እንከለኻ፡ እቶም ክልተ ሱበኡትን ሳልሰይቶም ጓል ኣንስተይትን ሰወኣት ከም ምልክት ኣብቲ ሰኣሊ ኣሎ፡፡ ኣብ ኢድ ሓዲኦም ሰንሰለት ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ ሞት ሐዘ ካብቲ ብደም ጥራይ ዘይኮኑ ብድምጺ እውን 'እወ ንናጽነት' ክብሉ ዝኽእሉ ዝነበረ ህሞት ብሰንሰለት ሞት ከም ዝተኣሰሩ፡ ዚ ዝተሰውኡሉ ጉዳይ ከይሳተፍዎ ብምስዋእቲ ከም ዝተኸልከሉ ከርኢ ዝገበሮ ምልክት ክኸውን ይኽእል፡፡ ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ደቦና ምህላዎም ካብዚ ህይወት እዚ ከም ዝሰገሩ ዘርኢ ይመስል፡፡

እቲ ሱበኣይ ዝጉብሮ ዘሎ ንዓኣቶም ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ እዚ ከኣ ኣብ ገጾም ተሳኢሉ ኣሎ፡፡ ከም ጽሑፍ ከኣ እዩ ዝነብብ፡፡ ይኹንምበር፡ እዚ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ወደይ ክሳብ ክንደዚ ይርድኦ'ዩ ዝብል ግምት ኣይነበረንን፡፡ ብፍላይ ከኣ ኑዩም ሰለስተ ከም ሰወኣት ምፍላጡ ከይገረመኒ ኣይተረፈን፡፡

"ሰወኣት ከም ዝኾኑ ደኣ ከመይ ጌርካ ፈሊጥካ?"

ኣይመለሰለይን፡፡ ሕቶይ በርቲዑዩ፡፡ ኣብቲ ሰኣሊ ዘሎ ምልክት ጠቒሱ ክምልሰለይ ኣይከኣለን፡፡ ኣነውን ኣይተጸበኹዎን፡፡

ትርጉም እታ ቀያሕን ሰማያዊትን ወረቐትን ገለጽኩሉ፡፡ ኣብ ክንዲ ኣነ ዝገልጸሉ ግን ብሕቶ ገይረ ኑቲ ሰኣሊ ባዕሉ ከም ዝትንትኖ እውን ክጉብር ምኽኣልኩ ነይረ፡፡ እቲ ደቦና እንታይ ክጉብር'ዩ ኣብቲ ሰኣሊ ኣትዩ? እንታይ እዩኸ ዘመልክት ዘሎ? እቲ ሱበኣይ ንምንታይ'ዩ ብሰንሰለት ተኣሲሩ? ንምንታይ'ዩ ገጽ እዞም ሰለስተ ዓቲቡ? እንታይ ኮይኖም ፍሽኽ ዘይብሉ? ሓሪቖም ድዮም? ኢልካ ምስትምቓር ቅቡእ ዝሕግዝ ዝርርብ ክትገብር ይከኣል፡፡ ብቐሊል ሕቶታት ኣቢልካ፡ ካብዛ ሰኣሊ እዚኣ ጀሚርካ፡ ካብቲ ከይረኸበ ሓንቲ ቃል ዘርኣዮ መንቋሕቋሕታ ተበጊሶ፡ ምስትምቓር ቅቡእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ታሪኽ ኤርትራ እውን ክትምህሮ ከቢድ ኣይኮነን፡፡ ንእትሓቶ ሕቶታት ዝኸውን መልሲ ካብቲ ሰኣሊ ክረኽቡሉ ኣንፈት እናትሓዝካ፡ ምስትምቓር ሰኣሊ ክፍትኑሉ ንክምዝኦም ዝኣመሰሉ ቁልዑ ዓብዩ ግድል ኣይኮነን፡፡

ምምእራር ሓበሬታ ንቁልዑ ዓብዩ ግድል ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ ተረዳዲእና ኣሎና፡፡ ግን ብኸመይ መንገዲ የሰላስልዎ? ነዚ ክንምልስ፡ ቅድሚ ኩሉ ቁልዑ ንትምህርቲ ዝወቱሰዎ ምንጪ ሓበሬታ እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ ክንምልስ ኣድላዪ ይኸውን፡፡ ቆልዑ ንትምህርቲ ዝጥቀሙሉ ምንጪ ሓበሬታ መጽሓፍ፡ መዝገበ ቃላት ወይ ከኣ ኢንሳይክሎፐድያ እዩ፡፡ መዝገበ ቃላትን ኢንሳይክሎፐድያን ብተመሳሳሊ ኣገዳሲ እዩም ዝዓለዉ፡፡ ኣብ ክልቲኦም እቲ ዝዝረበሉ ኣርእስቲ ብመሰረት ፊደላት እዩ ዝስራዕ፡፡ ንኣብነት፡ ድሌት ትርጉም 'ውተር' ክትፈልጥ እንተ ደሊ፡ ኣብ መሰረት ፊደላት ቋንቋ እንግሊዝ 'ኤፍ' ቅድሚ 'ዳብልዩ' እዩ ዝስራዕ እሞ 'ውተር' ቅድሚ 'ፊሽ' ኣብ መዝገበ ቃላት ክትረኽቦ ከም ዘይትኽእል ክትማሃር የድልያ፡፡ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ኢንሳይክሎፐድያ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ዓሳ እንተ ደለየት እውን ብመሰረት ፊደላት ክትምራሕ ከም ዘለዋ ክትፈልጥ ይግባኣ፡፡

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ከኣ ኣርእስቲ ምዕራፋት ኣብ ምጥማር ሓሳባት ኣገዳሲ ተራ ከም ዘለዎም ክትማሃር ትኽእል፡፡ እዚ ንክትፈልጥ ግን ኣብ ትምህርቲ ንዝገርት ቡጡጅለ ከም እንምድቦም ምፍላጥ የድልያ ይኸውን፡፡ ንኣብነት፡ ደርሆ፡ ማማኾት፡ ንፋስ፡ ማይ፡ ኣብ ሓደ ጉጅለ ክትምድቦም ከም ዘይትኽእል ክትፈልጥ የድልያ እዩ፡፡ ደርሆ ህይወታዊት ኢያ፡፡ ምስ ማማኾት፡ ንፋስ ወይ ከኣ ማይ ኣተኣሳሲርካ ክትዛረበላ ኣይትኽእልን እኳ እንተ ዘይተባህለ ምስ ወኻርያ ከም እንስሳ፡ ወይ ከኣ ምስ ገረብ ከም ህይወታዊት'ያ ትምደብ፡፡ ንፋስ ከኣ ከም ኩነታት ኣየር ምስ ዝናብ ወይ ከኣ ደበና ክተተኣሳሰር ይከኣል፡፡ ምስ ማማኾት ክተተኣሳሰር ኣይከኣልን'ዩ፡፡ ማይ ከም ህይወት ዝሁብ ነገር፡ ወይ ከኣ ንህይወታውያን ከም ዘድልዮም ነገር ምስ ኣየር ክትምድቦ ይከኣል፡፡ ምስ ደርሆ ግን ክትምድቦ ኣይከኣልን፡፡ ስለዚ፡ ሓደ ህይወታውያን ንምንታይ ይሞቱ ክምልስ ዝደሊ ቁልዒ 'ኣብ ከባቢና ዘለዉ ነገራት' ዝብል ምዕራፍ ምንባብ ኣየድልዮን'ዩ፡፡ እቲ መልሲ ኣብኡ የለን፡፡ ኣብቲ 'ጥንቃቐ ኣብ ከባቢና' ዝብል ምዕራፍ እውን እቲ መልሲ ስለ ዘየለ ኣብኡ ሃሰስ ክብል ኣይግባእን፡፡ 'ነገራት' ዝብል ምዕራፍ እውን መልሲ የብሉን፡፡

እዚ ኣብ ስነ-ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሶሻል-ስታዲስ ወይስ ትግርኛ እውን ከምኡ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ካብ 'ሳሆ' ዝብል ኣርእስቲ፡ 'ቁልዑ ናራ ኣበይ ይነብሩ?' ዝብል ሕቶ ወይ 'እቶም ቁልዑ ቢዳወየት ናበይ እዮም ዝኸዱ? ዝብል ካልእ ሕቶ እውን ክትምልስ ከም ዘይከኣል ክትፈልጥ ይግባኣ፡፡ እቲ ንኡብ ብዛዕባ ሳሆ እምበር ብዛዕባ ናራ ወይ ቢዳወየት ኣይኮነን፡፡ ቁልዑ ሓበሬታ ኣብ ዘዘጠዓመላ ከም ዘይንበር ክፈልጡ ይግባእ፡፡ ሓበሬታ ኣብቲ ዝተቐመጦ ቦታ ክድለ ከም ዘለዎ ከኣ ክሕብሩ ኣለዎም፡፡

ዛ ዋዛ እዚኣ ኣይሰማዕኪያን ትኾኒ ኢለ ተሰፋ ገይረ እጽሕፈልኪ ኣለኹ፡፡ ሓደ ሰኽራም ገንዘብ ኣጥፊኡ፡፡ ክደልዮ ኢሉ ከኣ ናብ ብርሃን ዘለዎ ቦታ ከደ፡፡ ኣብኡ ሓደ ፖሊስ ረኸቦ እሞ፡ 'እንታይ ደኣ ትጉብር ኣለኻ?' ክብል ሓተቶ፡፡

'ገንዘብ ጠፊኡኒ እደልዮ ኣለኹ'

'ኣብዚ ዲኻ ኣጥፊእካዮ?'

'ኣይፋለይን፡፡ ካብዚ ርሕቕ ኢለ'የ ኣጥፊአየ፡፡'

'እሞ ኣብዚ እንተ ዘይኣጥፊእካዮ ደኣ ንምንታይ ኣብዚ ትደልዮ ኣለኻ?' ፖሊስ ሓተተ፡፡

'እቲ ዘጥፋእኩሉ ቦታ ጸልማት እዩ፡፡ ኣብዚ ግን ብርሃን ኣሎ፡፡ ኣብ ጸልማት ክረኽቦ ስለ ዘይክእል ኣብዚ እደልዮ ኣለኹ' ክብል ሰኽራም መለሰሉ፡፡

ብተመሳሳሊ፡ ተማሃራይ ሓደ መልሲ ዝርኸበሉ ቦታ ጸልማት ስለ ዝኾነ፡ ኑቲ ንጉቡ ክርድኦ ስለ ዘይከኣለ ንመልሲ እተሓተቶ ሕቶ ኣብ ካልእ መልሲ ክደልዮ ኣይግባእን'ዩ፡፡

ካብ 'ኩነታት ኣየር' ዝብል ምዕራፍ፡ 'ህይወታውያን እንታይ ነገራት የድልዮም?' ዝብል ክትምልስ ከም ዘይከኣል፡ ኣብ ክንዲ ዚ ምዕራፍ እዚ ከኣ፡ ኣብቲ 'ድሌት ህይወታውያን' ዝብል ምዕራፍ ክትፍትሽ ከም ዘድልያ ክትማሃር ይግባኣ፡፡

ካልእ ቁልዑ ዝወቱሰዎ ዓይነት መወከሲ ካርታ'ዩ፡፡ ኣብ ካርታ ክፈልጥዎ ዘለዎም መሰረታዊ ነገር ኣሎ፡፡ ንኣብነት፡ ናይ ሕብሪን ሕንጻጻትን፡፡ ንሱዳንን ኤርትራን ዝፈሊ ሕንጻጽ ምስቲ ንኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈልያ ሕንጻጽ ሓደ ዓይነት'ዩ፡፡ ንሱ'ዩ ዓለምለኻዊ ዶብ ዝብሃል፡፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንሓንቲ ዞባ ካብታ ካልእ ዞባ ዝፈሊ ሕንጻጽ ካልእ ዓይነት እዩ፡፡ እዚ ኣብ ክንዲ እዚ ከምዚ እዩ፡ እዚ ከኣ ከምቲ ኢልካ ክትነግሮም፡ 'ንምንታይ'ዩ ንሓንቲ ዞባ ካብታ ካልእ ዞባ ዝፈሊ ሕንጻጽ ካብቲ ንኤርትራ ካብ ጎረቤታ ዝፈሊ ሕንጻጽ ተፈልዩ?' ኢልካ ክትሓትት ንክስተውዕሉን ንኽውዓድሩን ክሕግዞም ይኽእል፡፡ ብተመሳሳሊ፡ ሓደ ዓይነት ሕብሪ ኣብ ካርታ ንዝተፈላለየ ጉጅለታት ዘመልክት እንተ ኾይኑ ዘመሳስሎም ነገር ከም ዘሎ ከመልክት ይኽእል፡፡ ንኣብነት፡ ንዝርገሐ ብሄራት ኤርትራ ኣብ ዞባታት ዘመልክት ካርታ፡ ንሓደ ብሄር ዘመልክት ሕብሪ ወይ ከኣ ምልክት (ንኣብነት ነጠብጣብ ወይ ከኣ ስብርባር ሕንጻጽ)፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ክትረኽቦ ይከኣል፡፡ እዚ እቲ ብሄር ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ከም ዝነብር የመልክት፡፡ ካልእ ብሄር ከኣ ብፍልይ ዝበለ ሕብሪ ወይ ከኣ ነጠብጣብ ወደሰ ሕንጻጽ ይውከል፡፡ እዚ ቀሊል ነገራት እዩ፡፡ ይኹንምበር፡ ቁልዑ ከይተማህርዎ ዝፈልጥዎ ነገር ኣይኮነን፡፡ ቀስ ኣቢሉ ክርእዮም ዝኽእል ሰብ የድልዮም፡፡ እንተ ዘይኮነ ነዚ ቀሊል ነገር እዚ ከይፈለጥዎ ክዓብዩ ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ ብንኣሽቱኦም ከለዉ ክፈልጥዎ ዝግብኦም ዝነበረ ምስ ጎበዙ ይፈልጥዎ፡፡ እቲ ምስ ጎበዙ ክፈልጥዎ ዝግብኦም ዝነበረ ከኣ ምስ ኣረጉ ይፈልጥዎ፡፡ ወይ ከኣ ኣድላዩነት እቲ ፍልጠት ምስ ኣብቀዐ ይፈልጥዎ፡፡ እቲ ኣብ ግዜ እርጋኖም ክፈልጥዎ ዝግብኦም ዝነበረ ከኣ ከይፈለጥዎ ይሓልፉ፡፡ እዚ ዝሃብኩኺ ሓበሬታ ክጠቕመኪ ተስፋ እገብር፡፡ ሰላም ቀንዩ፡፡ ኣሳልጦ እምነየልኪ፡፡



*መም/ ኣብርሃለይ ሃብተ*


*ኣስመራ*

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣብ መንዝዑትን ተወፋይነትን

መሓመድኢድሪስ መሓመድ

(19ይ ክፋል)

ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ - ድሕሪ ምዝላቕ፡ ኣብ'ቲ ትንፋስ ዘይሂብ ውድባዊ ዕማማት ብዘለዓለን ሓንሳብ መንገዲ እናዓጸዉ ሓንሳብ ድማ እናኸፈቱ ዝፈጥሮ ዝነበረ ጸገም መጓዓዝያ፡ ነታ 'ዓረፋት' ዝስማ ናይ ደረቕ ጽዕነት መርከብ መጓዓዝያ ህ.ግ. ብሓበሬታ ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ፡ተበላሒቶም ኑዳዲ ብምጽዓን ብመንገዲ ዓጊግ ኣብሎም ናብ ሜዳ ብምፍናው፡ ነቲ ዝነበረ ዋሕዲ ኑዳዲ ይሸፍኑ ነይሮም። ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ ትንፋስ ዘይሂብ ዕዮ ገድሊ፡ ለይትን መዓልትን እናሃለኹ ብዙሓት መካይንን ቦጣትን ዝጠልብ ጽዕነት፡ ኣብ ሓንቲ መርከብ ከም ዝጽዓን ብምግባር ነቲ ናይ መካይን ሸግር ኣብ ምቕላል ዓቢ ዕማም ዓሚሞም። ተርበርግ ዝተሰምዮት ከቢድ ጽዕነት እትስከም መኪና'ውን ብስውእ ሚካኤልን ብጾቱን 'ሞዲፊካረ' ኮይና ኣብ ጥቕሚ ሰውራ ከም ትውዕል ተገይሩ እዩ።


ካብ የማን ንጸጋም ስውእ ጸሃየ ሰዩም፡ ህድኣት ሰዩም፡ ፋኖር ፖርትሱዳን 1981)

እቶም ኣብ ሰዋክን ዝነበሩ ሞያውያን ጋራጅ ምስ'ቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሓለፍቲ ባሕርያ ማለት ኣብ'ዚ እዋን ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ዘሎ ሜ/ጀነራል ሑመድ ካራካረን ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲን እናተረዳድኡ ኣብ ጋራጅ ባሕርያ'ውን ብዙሕ ዕማማት የሰላስሉ ነይሮም። እቲ መድረኽ ናይ ብደሆ እዋን እዩ ዝነበረ። እቲ ንኽልተ ዓመት መመላእታ 'ተዳሎ ተሸባሸብ' ዝተባህለሉ ሻድሻይ ወራር፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንሰውራ ኤርትራ ክድምስስ ኣብ ዝፍክረሉ ዝነበረ እዋን ብምኻኑ፡ ብሰንኪ'ቲ ስርዓት ኣትማሪ ናይ ሱዳን ዝወሰዶ ዝነበረ ጸረ ህዝባዊ ግንባር ዝብደህ ስጉምቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ዝነበረ ትካላት ህ.ግ. እንደገና ኣብ ሓደሽ ሰግኣትን ሽግርግርን ዝኣተወሉ መድረኽ ተኸሲቱ። እቲ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ዝነበረ መዓስከራት ህ.ግ. ድማ ክዘናበል ግድንት ኮኑ። እታ ብሸግርን መከራን ካብ ደቀምሓረ ተበጊሳ ብዙሓየለን ይሳተፍ ነይሩ። ሜዳ ጸኒሖ ሱዳን፡ ሱዳን ጸኒሖ ባሕሪ ብምስጋር ናብ ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቕን እናኸደ ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ዘድሊ መቀያየሪ ኣቑሑ ማእረሩ ናብ ሜዳ እናለኣኸ፡ ፍልጠቱ ዘፅበየሉ ዕድላት እንተ ረኸበ ከኣ ካብ ምክትታል ኣይቦኽርን። ከም'ቲ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ናይ ሽዑ ሓላፊ ጉዳያት ወጻኢ ህ.ግ. ናይ ሎሚ ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ስውእ ሚካኤል ካብ 1981-82 ኣብ ዝነበረ እዋን ታንክታትን መዳፍዕን ክምሃር ተባሂሉ ናብ ዒራቕ ኣብ ዝነበረሉ ቡቲ ቀላቢ ዝኸኑ ተውህቦኡ፡ ንኽመሃር ከይዱ ክነሱ ኑቶም መምህርቱ ክምህሮም ከሎ ዝረኣዩ ዒራቓውያን፡ "ሚካኤል ክመሃር ደዩ መጺኡስ ክምህር" ብምባል ኣድናቖቶም ናብ ውድብ ህ.ግ. ከም ዝሰደዱ ኣዕለሉ ነይሩ።

ስውእ ሚካኤልን ብጾቱን ኣብ ሰዋክን ተመዲቦም እናሰርሑ ከለው፡ እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ኣካሎም ምእንቲ ከይሸገርን ከይጸገሞን ይጽዕሩ ነይሮም። ንኣብነት ሽዑ ምስ'ቲ ብወገን መንግስቲ ሱዳን ጀልሃንቲ ዝጸሓት ሰድራ ሚካኤል ፍስሃየ'ውን ንሰለስተ መዓልታት ኣብ ጀልሃንቲ ድሕሪ ምስፋሩ፡ ምስ'ቲ ዝተፈጥረ ሓደሽ ኩነታት ንዚያዳ ውሕስነት ካብ ጀልሃንቲ ናብ ፖርት-ሱዳን ካብኡ ድማ ናብ ካርቱም ክትቅጽል ተገይደት።

ሓደ ካብ'ቶም ፋኖር ዘይርስዖም ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ወፋያት፡ ተበላሓትቲን መንዝዑትን ሞያውያን መጓዓዝያ፡ስውእ ጸሃየ ሰዩም እዩ። ሜጀር ጉብረመስቀል ፋኖር፡ "ኣብ መወዳእታ 1981 ማለት ድሮ ሻድሻይ ወራር ንስውእ ጸሃየ ሰዩም ሓፍቱ - ህድኣት ሰዩም ደሃይ ተጋደልቲ ኣሕዋታ ክትንብር ናብ'ቲ ዝበርናዮ ጋራጅ ሰዋክን መጺኣ ነይራ። ሽዑ ንዓይን ንጸሃየን ብሓንሳብ ረኺባትና። ንሓዋ ምስ ረኸበቶ ድማ ኣመና ተሓጒሳ። ህድኣት ኣብ ሰዋክን ምሳና ምስ ቀጸት፡ ናይ ሽዑ ሓለፍትና ጉብራይ ዘርኣን ንገሰ ግርማይን - ኣነን ጸሃየን ንኸዘውራ ብኡ ኣቢልና ድማ ንኸፋንዋ ናብ ፖርትሱዳን ክብጽሓ ተዃሪፍና። ፖርት ሱዳን ተዛዊርና፡ ንመዘከርታ ስለስቲና ዘለናዮ ስእሊ ምስ ተሳእልና፡ "ኣብ ዓወት የራኽበና! መሪት ሱዳን ወጺእና፡ ኣብ'ቲ ምስ ከቦስ ዝመሳሰል ክሊማ ዘለዎ ኳዕናን እምባ ደምባቤት ኣብ ጎደኒ ጀጉ ምስ ዓረድና ዝያዳ ሓበንን ኩርዓትን ተሰሚዑና" ክብል የዘንቱ።

ተጋዳላይ ኣብ'ቲ ብኣወለዕን ጽሕድን ካልእ ከቦሳዊ ኣግራብን ዝተሸፈነን፡ ለይቲ ብየገመን ዕፍዕፍታን ተዓፊት ዝረኣን ዝባን ደምባቤት ክየርድ ከሎ፡ ሰራዊት ጸላኢ ድማ ኣብ'ቲ ካብ እግሪ ክሳብ ገማግም ባሕሪ ዝዘርጋሕ ለጥላጥ ጎልጎል ሰሜናዊ ሳሕል ዓሪዱ ነይሩ። ምስ ባሌስትራ ምውዓል ዝለመዳ ኣእዳው ፋኖር እውን፡ ኣብ ዝባን ደምባቤት ምስ ተሓኸረ ካልእ ዕማም ተቐበለን። ኣብ ከጢታት ኣሽሓጌ ዓራታን ጥሩቕርቕን እናተወናጨፈ ኣብ ምስራሕ ድፍዓት፡ ምስንካት ኮሮሾ፡ ንመከላኸሊ መርዝም ጋዝ ዝኸውን ፈሓም ኣብ ምፍሓም፡ ምውራድ ማይ. . . ተዋፊሩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ፋኖር፡


ኮ ደምቦብዩት

ቻው!" ኢልና ተሰናቢትናያ።" ክብል ይዝክር።

ስውእ ጸሃየ ሰዩም ሓደ ካብ'ቶም ወሩያት ጎማሲታ መጓዓዝያ ኮይኑ፡ ብዘበርሮ መትከላውን ሃገራውን ስምዒት፡ ከም በዓል ስውእ ሚካኤል ቡቲ ክሰርሕ ቡቲ ድማ ሓደሽ ነገር ክምህዘ ሓኾት ካብ ምባል ዘየዕርፍ እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ንዘበርና ናይ ጎማ ጸገም ንምፍታሕ፡ ነታ ኣቕዲሙ ኣብ ኣስመራ ዝፈልጣ ዝነበረ መስርሒት ጎማ (ዶኑበረሪ) ክንተክል ሓሳብ ኣቕረበ። እዚ ሓሳብ'ዚ ኣብ መፈጸምታ ከዩብጹሐ ንሱ፡ ኣነን ተኽላይ ኢያሱን ንመባል 16 ዙርያ ትምህርቲ ካድር ናብ ሜዳ ኸቒልና። ኣብ'ቲ እዋን ብደሆን መኸተን እቲ ተሃንዳዲ ወራሪ ክጥሕሶ ይግስግስ ስለ ዝነበረ ግን፡ እቲ ናብ ሜዳ ኣቲና ክንወስዶ ዝተሓሰበ ትምህርቲ ናይ ካድር ንግዜኡ ተኻናደበ፡ ምስኡም ደቂ ኮርስና ድማ ናብ ግንባር ከቲትና። ብኡ ንብኡ ድማ ካብ ሞያውያን ናብ ተዋጋእቲ ተቐይርናስ ኣብ ሓለዋ ቀጽልን ዋርድያን ተጸሚድና። ካብ'ቲ ዝቐለ ሃሩርን ካምሲንን ዝጸለዎ ኑተን ከም ሓዊ ለይቶ ጭልምልም ዝብል ሙብራህቲ ወሊዕን ኣብ ጎላጉል ዔላ-ጻዕዳ ሽኮርተት ዝበላ ዝነበራ ተሸከርከርቲ ጸላኢ ክርኢ ከሎ ደሙ ይፈልሖ ከም ዝነበረ የዘንቱ። ሓደ መዓልቲ፡ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ናብ'ቲ ሰጣሕ ጎላጉል ብምውራድ፡ ነተን ተሸከርከርቲ ከቓጽልወንን ገለኦን ድማ ማሪኾም ኣብ ጥቕሚ ሰውራ ከውዕልወንን ምስ ሓለመ እዩ። ኣሃዱ ፋኖር ዓራዳትሉ ዝነበረት ቦታ፡ እቲ ጸላኢ ብመሬት ሱዳን ተኻሊሉ ብሽሊት ከጥቅዕ ዝፈተነሉን፡ እቲ ከቢድ ፈተነ ብህዝባዊ ሓይልታት ተዓጊቱን ኣዛዚ ናይ'ቲ ኣብኡ ዝኣተወ ሰራዊት ጸላኢ - ሻምበል ድጋፌ ኣበበ እውን ተማሪኹን።


ስውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ

እቲ ወራር ስርዓት ደርግ መርዝም ጋዝ ከይተረፈ ዝፈተነሉ እዩ ነይሩ።

ፋኖር ብሓሳብ ናብ ድሕሪት ናብ ፍልፍልን ሰዋክንን ብምምላስ፡ ዋዛታት ናይ'ቶም መንዝዑትን ተበላሓትትን ሞያውያን ብጾቱ፡ ኣውራ ድማ ነቲ ኣቦ መንዝዑትን ተወፋይነትን ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ኣብ ዝዘክረሉ ግዜ ንብይኑ'ዩ ክምስ ዝብል። ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ፈኖ መካኒክን ሓላፊ መጓዓዝያን እንተ ነበረ'ኳ፡ ኣብ መዓልታዊ መነብሮ'ውን እጃሙ ልዑል ከም ዝነበረ ብጾቱን መሳርሕቱን የዘንትዉ። ስውእ ሚካኤል፡ ከም ሰቡ ብሬጋ መጋቢ ብምውዳኡ፡ ጸብሒ ይሰርሕን እንጌራ ይሰንክትን፡ መኪናን ብረትን ይጽግን፡ ታንክን ይዝርን ይዝውር. . .። ኣብ ፍልፍል ከለና ሓደ ግዜ፡ ሚካኤል መጋቢ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብሊሒቕ እናለወሰ ከሎ፡ ነቲ ብብሊሒቕ መርኣዩ ዘይነበሮ ቀላጽሙ እናወጣወጠ "ባውሬቶ ሚካኤል፡ እዚ ኢድ እዚ ወርቂ ይሓፍሰን ገዚቡ ይዕትዕትን ከም ዘይነበረስ ብሊሒቕ!" ብምባል ንብጾቱ ኣሰሓቖም። ፋኖር'ውን ዋዝን ቁም-ነገርን ናይ ስውእ ሚካኤል፡ ኣብ'ቲ ንሻድሻይ ወራር ሓለዋ ቀጽል ዝነበረሉ እዋን ከይተረፈ ካብ ኣእምሮኡ ከም ዘይረሓቐ'ዩ ዘዘንቱ።

**ኣዘንታዊ ገ/መስቀል ገ/ርገሽ**
**(ፋኖር)**
**ይቕጽል...**


ተጋዳላይ ኣብቲ እዋን መኸተን ብደሆን ሻዱሻይ ወራር

# ምልክታ

ደባብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ዞባ ሰላም

ለምለም ተስፋይ ቦኽረጼን፡ በዓል ቤተይ ገብረመድህን ኣርኣያ ዑቕበ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

## 1. Condition Monitoring Supervisor (01)

**Major Duties and responsibilities:-**

- Supervises and manage all CM related tasks.
- Management of condition Monitoring tasks within maintenance management system
- Planning and scheduling of all CM related tasks
- Equipment Kepis Management
- RCFA/Cost Management & control
- Ensuring compliance to works order system
- Monthly Technical reports
- Develop and implement a predictive maintenance program to include equipment inspections, inspection intervals to maintain equipment reliability.
- Develop and Implement work procedures, Job Safety Analyses (JSA/JHA), system and standards that will comply with occupational health and workplace safety standards to meet company and national guidelines, policies and legislation
- Actively promote the recognition in subordinate staff that the health and safety of personnel is of the highest priority and cannot be compromised
- Assist the technical training department in the development of a training matrix for all CM personnel and includes a methodology of assessment of the position in this section
- Implement and maintain the 9 element EMS( Engineering Management System)
- Report all observed environmental incidents and non-compliances.
- Compiles plant and equipment maintenance cost data for budgets
- Monitors all Maintenance activities and eliminate any wasteful practices, Ensuring agreed targets for maintenance is met.
- Supports all maintenance related projects
- Information gathering for capital projects/root cause failure analysis(RCFA)
- Provides an accurate maintenance plan to support and meet the objectives and goals of the maintenance department

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Studied towards a technical qualification (certificate, Diploma, Degree) in mechanical/ electrical Engineering. |
| Working Experience – Nature & Length | • With at least 10-15 year proven experience in the Mining Sector( senior Engineering Planning capacity on both fixed Plant and Mobile Equipment) |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • Effective communication and presentation skills<br>• Ready to lead and share knowledge<br>• Proactive team leader<br>• Function well during pressure situations<br>• Show a desire to be different<br>• Courageous Leader, Visionary and team player<br>• Resilient, resourceful, visionary and decisive.<br>• Well focus, Decisive, Approachable, responsible, accountable, a good listener and knowledgeable. |
| Other skills and abilities | • Computer literacy-able to utilize computer programs effectively, including MS Office suite and CMMS (Dynamics NAV).<br>• Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work n a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.<br>• Proven experienced in current maintenance practices and techniques.<br>• Ability to establish priorities and to plan, co-ordinate and monitor own work and other under his/or her supervision<br>• Commitment towards continuous improvement programs |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ሓበሬታ ንተመረቕቲ ኮለጅ ማይነፋሒ 2014

ኩሉኹም ተመረቕቲ ኮለጅ ማይነፋሒ 2014 ዝኾንኩም ክሳብ ዕለት 12/9/2014 ኣብ ዘሎ ግዜ ናብ ቃንዮው Mehary Book Binding Shop (ጥቓ ላይብረሪ) ዘሎ መጺእኩም ንዝተበላሸወኩም መጽሔታት ክተዕርዩ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምልክታ

ወ/ሮ ለተብርሃን ምስጋን ወ/ሚካኤል ዝተፈቕደለን ናይ ህንጻን ሕርሻን መሳርሒ መሸጢ ትካለን "ዘመን ናይ ህንጻን ሕርሻን መሳርሒ መሸጢ" (ZEMEN CONSTRACTION AND AGRI. MATERIALS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# Zara Mining Share Company

| | |
|---|---|
| Job Title & number required | Drill and Blast Superintendent (01) |
| Duties & Responsibilities | Develop, review and implement best practice for all drilling and blasting activities. Control and management of the operating budget. Monitor and report on daily performance and monthly progress. Control and management of all drilling and blasting activities including Explosives Magazine. Management of drilling and blasting consumables including stock control. Design and interpretation of blast hole and tie-in plans, effective communication/ implementation in the field. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | English literacy to a conversational level. Excellent interdepartmental communication skills. Excellent working knowledge of all aspects of mining operational theory including open pit operation. Excellent knowledge of consumable products used in the mining industry including their safe use and applications. Ability to effectively plan daily, weekly and monthly work activities. Computer literacy in Microsoft office suite of programs. |
| Education | Degree/Diploma in Mining Engineering or Explosives Technologies, or Significant Experience (15 years). |
| Experience Required | Over 5 years open pit mining in a drill and blast capacity. Demonstrated knowledge of Blast Design and Initiation software. (Surpac, BlastInfo) Prior experience in Explosives Magazine control and management. Demonstrated people leadership and ability to training and transfer skills. A valid Driver's License. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| Job Title & number required | Human Resources (HR) Officer (02) |
| Duties & Responsibilities | Provides advice and assistance to supervisors and staff. This may include information on training needs and opportunities, job descriptions, performance reviews and personnel policies of the company. Provides advice and support to supervisors and staff selection committees and ensures that they have accurate and timely information in order to make effective decisions. Ensure that accurate job descriptions are in place. Provide advice and assistance with writing job descriptions. Provide advice and assistance when conducting staff performance evaluations. Identify training and development opportunities. Organize staff training sessions, workshops and activities. Process employee requests for outside training while complying with policies and procedures. Provide basic counseling to staff who have performance related obstacles. Provide advice and assistance in developing human resource plans. Provide staff orientations. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Supervisory skills, Team building skills, Problem solving skills, Basic counseling skills, Negotiations skills, Effective verbal and listening communications skills, Computer skills including the ability to operate spreadsheets and word processing programs at a highly proficient level, Effective written communications skills including the ability to prepare reports, Proposals , Policies and Procedures, Effective public relations and public speaking skills, research and program development skills, Stress management skills Interviewing skills, Time management skills. |
| Education | Diploma or Bachelor Degree in Human Resources or Business Management or Personnel Administration. |
| Experience Required | Minimum 5 years work experience in Human Resources Department. Mining experience is preferable. Knowledge of administrative and clerical procedures, managing files and records, designing forms, and other office procedures. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| Job Title & number required | Senior Cook & Catering Supervisor (01) |
| Duties & Responsibilities | In conjunction with, and on the approval of, the Project Manager plan menus that are varied, nutritionally balanced, and appetizing, taking advantage of foods in season and local availability. Prepare meals in accordance with the authorized menu plan in a hygienic and timely manner. Develop and implement hygiene strategies. Explore areas and places of food and goods sourcing. Supervise receivables and check the quality and quantities of received goods against accompanying documents. Ensure proper storage of all items received at the appropriate location, following all health and safety guidelines. Apply and comply with safe and healthy working practices, and company policies & procedures, and ensure staff and visitors do so. Perform weekly stock takes. Maintain Stock Control Register to manage food use and expenditure. Train new employees to the Company's standards and on company health and safety policies and procedures. Collation and, on approval of Project Manager, ensuring auctioning of the accommodation and general staff Maintenance Requisition forms. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | English literacy to a written and conversational level. Good negotiating skills, Excellent food handling and preparation skills. Knowledge and application of nutritional food preparation. Excellent interdepartmental communication skills. Ability to effectively plan daily, weekly and monthly work activities. Good computer literacy in Microsoft Office suite of programs. Good leadership and organizational skills. Supervise and manage the kitchen, cleaning and laundry functions on site. |
| Education | Diploma or certificate in Food and Beverage, Restaurant Management or Food Science. Cooking Diploma. Health sciences & Hospitality certificate. |
| Experience Required | Minimum 5 years experience as a cook and food hygiene. Minimum of 3 years supervisory experience in a similar role. Previous experience working in culturally diverse environments. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| Job Title & number required | Nurse (01) |
| Duties & Responsibilities | Provide medical care to employees. Monitors the proper use of drugs in the clinics. Document and daily activity and keep records confidentially. Follow up sick employees either from occupational or non-occupational sickness. Prepare required reports to the concerned departments. Participate in the village health and sanitation activities. Health induction for employees Participate in a health, safety and environmental activities. Prepare weekly and monthly activity reports. Actively communicate with other departments. Prepare work related accidents Insurance report. |
| Knowledge & Skill Requirement | Knowledge of managerial skills in health centers. Good command of English language. Computer skills including the ability to operate spreadsheets and word processing programs at a highly proficient level, Effective written communications skills including the ability to prepare reports. Time management skills. Knowledge of local languages can be advantageous. Safety oriented. |
| Education | A registered Nurse with Diploma or Degree in Nursing. Experience and knowledge of Clinical Nursing. |
| Experience Required | Minimum of 3 years work experience as clinical Nurse. Work experience in a Mine Clinic. Experience in Mine Clinic data reporting. Experience of the daily activity of a Mine Clinic. Knowledge and experience in common drugs prescription. Knowledge and experience in common drugs procurement. Knowledge and experience in disease reporting as of Ministry of Health requirements. Experience of medical staff administration. Ability to perform his certified profession. Experience in Team work |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| Job Title & number required | Welder (01) |
| Duties & Responsibilities | Providing welding services for maintenance of fixed plant, mobile fleet and machinery. Repair and maintain as required. Being accountable for the safe commissioning of all equipment. Work in liaison with the Maintenance Services Coordinator to develop and implement a rigorous planned maintenance program. Any other work requested by management. |
| Knowledge & Skill Requirement | Full trade qualifications for a welder. Strong communication and interpersonal skills. Team player. Must be able to work and perform under pressure. |
| Education | Minimum Secondary School. Completed a welding apprenticeship. |
| Experience Required | Minimum of 5 years working with welding work. Minimum of 5 years mine maintenance experience or similar. |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |
| Job Title & number required | Light Vehicles Driver (04) |
| Duties & Responsibilities | Drive vehicles as instructed by the Supervisor, and in adherence to site safety policies and procedures. Operate company vehicles in a safe manner. Pick up employees, supplies etc as directed by the Warehouse Coordinator. Ensure supplies loaded / unloaded from vehicles are carried out using correct manual handling techniques. Transport employees to and from Asmara – Zara – Asmara in a safe manner. Ensure compliance with site safety policies and procedures at all times. Ensure vehicle is kept clean and tidy at all times. And as per Job Description. |
| Knowledge & Skill Requirement | Ability to speak English. Ability to work in culturally diverse working environments. Must know the national road rules. Must be able to repair tires and service vehicles when no tire repairer person or mechanic is available. |
| Education | Completion of secondary school. 3rd Grade Eritrean Driving License and above. |
| Experience Required | |
| Physical Requirement | To be able to pass a full Doctor's examination. To be available to work in accordance with ZMSC rosters. |

General Information and other requirements: Place of work: Asmara and Zara Site, based on the nature and assignment of work. Occasional assignment to other locations. Salary: As per Company scale.

Additional Requirement for nationals: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Having finished registration and duty performing for the National Army, and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned back to the sender and/or applications should be sent through the Post Office. Deadline for application: 10 days from the day of publication in the News paper.

Address: Please mail your applications to: ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.

Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Ministry of Labor and Human Welfare, Department of labor, P.O. Box 5252, Asmara, Eritrea.

## ምልክታ

ብስም ወ/ሮ ለተብርሃን ወልደስላሴ ተድላ ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ዋንነት ደብተር ብቑጽሪ ምስክር ዋንነት 102718 መወከሲ ቁጽሪ 123374 ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺበዮ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል ሰብ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07120387 ቀሪቡ ክረክበንን ክሕብረንን። እንተዘየለ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኳነይ እሕብር ኣለኹ።

ወኪል ምልእተ ኣብርሃ የዕብዮ

# ንእፈልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## መቐዘፍቲ ስታዲየም ሂደሰል




ብ29 ግንቦት 1985 ኣብ ርእሰ ከተማ ቤልጁየም - ብራሰለስ ኣብ ዝርከብ ስታዲየም ሃይሰል ዘጋጠመ፡ ሂወት መብዛሕትኦም ኢጣልያውያን ዝኾኑ 39 ደገፍቲ ዘወሰደን ናይ ልዕሊ 600 ካልኦት መጉዳእቲ ዘኸተለን ሓደጋ ሓደ ካብቶም ኣብ ስታዲየማት ዘጋጠሙ ሓደጋታት ኢዩ። እቲ ፍጻመ ዝተኸስተሉ ኣጋጣሚ እንግሊዛዊት ክሉብ ሊቨርፑልን ኢጣልያዊት ክሉብ ጁቨንቱስን ናይ ፍጻመ ግጥም ዋንጫ ክለባት ኤውሮጳ ኣብ ዘካይዳሉ ዝነበራ እዋን ኢዩ። እዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ከእንግደ ዝተመርጸ ሃገራዊ ስታዲየም ቤልጁም ዝኾነ "ሃይሰል ስታዲየም" ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ 55 ዓመት ዕድመ ዝነበሮን ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት ዝነበረን ኢዩ። ንበርክት ዝበሉ ዓመታት ጽገናዊ ስርሓት ዘይተገበረሉ ብምዃኑ ድማ ብዙሕ ክፋላቱ ዝፈራረሰ ምንባሩ ይግለጽ። ነቲ ስታዲየም ኣቐዲሞም ዝተዓዘቡ ተጻወትቲን ደገፍትን ኣርሰናል ንኩነታት'ቲ ሜዳ ኣመልኪቶም ዘቕረብዎ ርእይቶታት'ውን ንኣሰካፊ ምስሊ ስታዲየም ሃይሰል ዝገልጽ ኢዩ ነይሩ። ብኣንጻር እዚ ኩሉ ግን "ሃይሰል ስታዲየም" ንከም ስታዲየም ኑ ካምፕ ናይ ባርሴሎናን በርናቡ ናይ ሪያልማድሪድን በሊጹ እዚ ናይ 1985 ናይ ፍጻመ ግጥም ብምምራጹ ኣዝዩ ኣገራሚ ኣጋጣሚ ከምዝነበረ ይንገር። እዚ ከይኣክል ኣብቲ እዋን'ቲ ብሓለፍቲ ክለባት ሊቨርፑልን ጁቬንቱስን ዝቐረበ ነቲ ጸወታ ናብ ካልእ ሜዳ ናይ ምስግጋር ጸወዒት ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩፋ) ተቐባልነት ምስኣኑ ዘሰደምም ተወሳኺ ተርእዮ ኢዩ።

ምስ'ዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ኣሰካፊ ኩነታቱ ነቲ ጸወታ ዘእንገደ ስታዲየም ሃይሰል፡ ኣሰታት 60,000 ተዓዘብቲ ዝሕዝ ቦታ ነይርዎ። ካብዚ ንፍስወከፍ ክሉብ ናይ 25,000 እጃም (ቦታ) ተዋህበ። ዝይሻራውያን ደገፍቲ (ንቤልጁማውያን ነበርቲ ብራሰለስ ዘተኻረ)ዝተሓዝአ ቦታ ድማ እቲ ዝተረፈ ተዓለወ። እዚ ሓሳብ ግን ብክልቲአን ክለባት ተቐባልነት ኣይረኸበን። ምኽንያቱን ድማ ደገፍቱን ነቲ ናይዚ ቦታ መእተዊ ትኬት ካብ ካልኦት ሰባት ብምዕዳግ ነቲ ጸወታ ሓቢርም ብምርኣይ ናብ ግጭት ከየመርሑ ብምስጋእ ኢዩ። ኮይኑ ድማ ኣብቲ ንዘይሻራውያን ደገፍቲ ዝተሓዝአ ብ Z- Section ዝጸዋዕ ወገን ብርክት ዝበሉ ደገፍቲ ጁቬንቱስን ስሉው ቁጽሪ ዝበርም ደገፍቲ ሊቨርፑልን ተረኽቡ።

ብኣቆጻጽራ ቤልጁም ልክዕ ሰዓት 7.00 ድሕሪ ቀትሪ (ጸወታ ክጅመር ናይ ሓደ ሰዓት ግዜ ተሪፍዎ ከሎ) ኣብ ማእከል'ቲ ስታዲየም ረብሻ ተላዕለ። ኣብ ኣዝዩ ዝተቐራረበ ርሕቀት ዝተፈናተቱ ጉጅለታት ደገፍቲ ሊቨርፑልን ጁቬንቱስን ብዳርባ ኣእማንን ካልእ ነገራትን ክተሃራረሙ ጀመሩ። ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ መከላኸሊ ሓጹር ኣተኣማማኒ ብዘይ ምንባሩ ድማ፡ እቲ ዝፈለመ ናይ ረብሻ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ባእስን ዕግርግርን ክዕርግ ምኽንያት ዘጠራጥር ኮነ። ግዜ ጸወታ ኣዝዩ እናተቓረበ ኣብ ዝመጽኣሉ ሰዓት፡ እቲ ናይ ዳርባ ኣእማን ተርእዮ ክጽንክር ተራእየ።ድሕሪ ዝተወሰኑ ደቃይቕ፡ ገለ ክፋል ካብ ጉጅለ ደገፍቲ ሊቨርፑል ናብቲ ኣብ ናይ ኩርናዕ ጥንዴራ ዝርከቡ ወገን ኣብ ዝርከብ መፈላለዪ መንደቕ ብምጽጋዕ ኣብ ልዕሊ ደገፍቲ ጁቬንቱስ መጥቃዕቲ ክወርዱ ጀመሩ። ካብዚ ናይ ዳርባ ኣእማንን ካልእ መጥቃዕትታትን ከምልጡ ዝሃቀኑ ደገፍቲ ጁቬንቱስ ከኣ ብልዕሊ እቲ መንደቕ እናሓኾሩ ክዘሉ ተራእዩ። መብዛሕትኦም ተዓዊቶም ኣብ ዘምለጡሉ እዋን ግን፡ እቲ ንዋሕዚ ሰባት ክጸውር ዘይክእል መንደቕ ሃደሽ ኢሉ ፈረሰ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ እቲ ዝወዓለ ረብሻ ሂወት 39 ሰባትን መጉዳእቲ ብኣማኢት ዝቝጸሩ ካልኦትን ብምውሳድ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ዓረገ። ኣኽበርቲ ጸጥታን ሱብ ሞያ ሕክምናን ናብቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ወገን ኣብ ዝተጓየዩሉ ሰዓት፡ በቲ ተግባር ዝቖጥዑ ደገፍቲ ጁቬንቱስ ሕነኦም ንምፍዳይ ናብቲ ደገፍቲ ሊቨርፑል ዝዓረዱሉ ኣንጻር ወገን ተሃንደዱ። ኮይኑ ግን ብቑጽሪ ብርክት ዝበሉ ኣኽበርቲ ጸጥታ ኣብ መንጎ ብምእታው ክፍጠር ንዝኽእል ዝብኣሰ ሓደጋ ተቖጻጺሮሞ። እዚ ዘኾነጭምም ደገፍቲ ጁቬንቱስ ከም መርኣያ ሕርቃኖም ምስ ፖሊስ ኣብ ዕግርግር ተጸምዱ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ረብሻ ዝፈለመ ጸወታ ጀሚሩ ክሱብ ዝውዳእ ካልእ ኩነታት ከይፍጠር ብምስጋእ እቶም ኣኽበርቲ ጸጥታ ክሱብ ፍጻመ ጸወታ ንምልኡ ዘርያ እቲ ስታዲየም ከበቡዎ።

ምስ ዘጋጠመ ዘሕዝን ኩነታት ብምንጽጻር ነቲ ናይ ፍጻመ ግጥም ከምዝቋረጽ ናይ ምግባር ተኽእሎታት'ኳ እንተነበረ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ቤልጁም ዝነበረ ዊልፍሪድ ማርተንስ፡ ከንቲባ ከተማ ብራሰለስን ሓለፍቲ ፖሊስን ብሓባር ነቲ ግጥም ምቍራጽ ካብ ዝህቦ ጥቕሚ ዘስዕቦ ጉድኣት ክዓቢ ከምዝኽእል ብምምዃት እቲ ጸወታ ክቕጽል ፈቐዱ። እቲ ኣሕሉቕ ክለባት ሊቨርፑልን ጁቬንቱስን ንደገፍቶም ድሕሪ ምምሕጻኖም ዝፈለመ ጸወታ ከኣ ብኣዝዩ ከቢድ ወጥሪ ተዛዘመ። ጁቬንቱስ ብኾቶ ፈረንሳዊ ሚሸል ፕላቲኒ ተሓጊዛ 1-0 ብምዕዋታ ከኣ ንቶም ኣብቲ ሜዳ ሂወቶም ዝሓለፉ ደገፍታ ደበሶ። ንጠንቂ ናይቲ ዘጋጠመ ናዕበን ተሓታትነት ዘሰዓቦ ሓደጋን ንምጽራይ ብኣላይነት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳን ምምሕዳር ከተማ ብራሰለስን 18 ኣዋርሕ ዝወሰደ መርመራ ተኻየደ። ደገፍቲ ሊቨርፑልን ሸለልትነት ናይ ኣኽበርቲ ጸጥታን ድማ ናይቲ ሓደጋ ተሓተትቲ ምዃኖም ተገልጸ። ከም ሳዕቤን ናይቲ ሓደጋ ፡ ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣህጉር ኤውሮጳ ንዘይተወሰነ እዋን ክይሳተፋ ተኣጊዱ። ድሒሩ ግን ወሰን ናይ ግዜ መቓን ብምድላው፡ ክሉብ ሊቨርፑል ን6 ዓመታት፡ ካልኦት ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ከኣ ን5 ዓመታት ካብ ዝኾነ ኣህጉራዊ ውድድራት ክድስክላ ተበይኑ። እዚ ዘሕዝንን ሂወት 32 ኢጣልያውያን፡4 ቤልጁማውያን፡ ክልተ ፈረንሳውያንን ሓደ ወዲ ሰሜን ኣየርላንድን ዝወሰደን ፍጻመ ዘእንገደ ስታዲየም ሃይሰል ን10 ዓመታት ዝኾነ ናይ ኩዕሶ እግሪ ጸወታ ከየእንገደ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1995 ከም እንደገና ተሓደሰ። ስሙ ናብ ስታዲየም ንገስ ቦዱየም ብምቕያር ኣብ ኑሓሰ 1995 ኣብ መንጎ ቤልጁምን ጀርመንን ንዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ግጥም ኣእንገደ።



## ጽንታ

ታሪኽ ሂወት ኣብ ከርሲ ፕላኔት ምድሪ (መሬት) ኣብ ጽልዋ ክልተ ኣንጻራውያን ኣምራት ዝተመርኰሰ ኢዩ። ፍልቀት (evolution) ንህላወ ሂወታውያን ዝእምትን፡ ንወህደት ሂወታውያን ምስ ኣካቡብያዊ ለውጢ ዘዛምድን ኣምር ኢዩ። ኣምር ጽንታ (extinction) ድማ ብኣንጻሩ ንፍጻመ ህላወኑት ሂወታውያን ዝገልጽ ኢዩ። ጽንታ፡ ሂወታውያን ምስ ባህርያዊ ለውጥታት ከበኦም ናይ ምውህሃድ ዓቕሞም ምስ ምድኻምን ንዝፍጠሩ ለውጥታት ናይ ምልማድን ምጽዋርን ብቕዓት ምስ ዝሓጽሮምን ይኸሰት። እዚ ናይ ምብራስ ወይ ጠፊእኑት ተርእዮ ንውልቃዊ ዘርኢ ሂወታዊ ይኹን ንዝተመሳሰሉ ጥርኑፋት



ዘርእታት ሂወታውያን ዝጸሉ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፉ ናይ ኣሰታት 3.8 ቢልዮን ዕድመ መሬት ካብ ዝነበሩ ብኣማኢት ሚልዮናት ዝቝጸሩ ዘርእታት (species) ሂወታውያን፡ እቶም 99 ሚእታዊት ጸኒቶም ምህላዎም ይፍለጥ። ሓደ ካብቶም ጠንቅታት ድማ ባህርያዊ ሕርያ (natural selection) ምዃኑ ይግለጽ። ብመሰረት ባህርያዊ ሕርያ፡ ሂወታውያን መጉበን መጽለልን ንምንዳይ ኣብ ቀጻሊ ውድድር ይጸመዱ። በዚ ከኣ እቲ ሓያል ነቲ ድኹም ረቲዑ መጉበን መጽለልን ይረኽብ፡ እቲ ድኹም ከኣ ብሰእኑት መጉበን መጽለልን ናይ ምጽናት ሓደጋ የንጸላልዎ። ብተወሳኺ'ውን ሂወታውያን ካብ ጸላእቶም (ወይ ሃደንቶም) ከምልጡን ንሃንደበታዊ ምቅይያራት ኣከባቢታት ክጻወሩን ክላመዱን የድልዮም። እዚ ክገብሩ ዘይክእሉ ሂወታውያን ግን ካብቲ ዘይተርፍ ናይ ምጽናት ዕጫ ኣየምልጡን ኢዮም።

ዛጊት ኣብ ታሪኽ ስነ ሂወት ምድሪ ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ናይ ምጽናት ተርእዮታት ተኸሲቶም ኢዮም። ከቢድ'ቲ ዝበሃሉ ናይ ምጽናት ኣጋጣሚታት'ውን ኣለው። ብሳይንሳዊ መጽናዕቲ ዝተሰነዱ ናይ ዝሓለፉ 500 ሚልዮን ዓመታት ሓሙሽተ (5) ዓበይቲ ናይ ምጽናት ተርእዮታት (mass extinction) እዞም ዝስዕቡ ኮይኖም፡ እቲ ጠንቂ ግና ኣብ መጽናዕቲ ዝርከብ'ዩ።

• ፈላሚ ተርእዮ ቅድሚ 440 ሚልዮን ዓመት ዝተኸስተ'ዩ። እዚ እዋን'ዚ ከኣ ኩሎም ዘርኢ ምድሪ ኣብ ውቅያኖሳት ዝነብሩሉ እዋን ኢዩ ነይሩ። 85 ሚእታዊት ካብ ዘርኢ ሂወታውያን ድማ ጸኒቶም።

• እቲ ካልኣይ ፍጻመ ቅድሚ 360 ሚልዮን ዓመት ዘጋጠመ ኮይኑ ን82 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ናይቲ ዝነበረ ዘርኢ ሂወታውያን ምድሪ ሐዚ ዝጠፍአ ተርእዮ'ዩ።

• ሳልሳይ ናይ ምጽናት ሓደጋ ቅድሚ 251 ሚልዮን ዓመታት ኢዩ ተፈጺሙ። ዛጊት ክሳብ ሎሚ ዕለት ዝኸፍአ ምዃኑ ድማ ይንገረሉ። 96 ሚእታዊት ኣብ ውቅያኖስ ዝነብሩን 70 ሚእታዊት ኣብ ንቑጽ መሬት ዝነብሩን ዘርኢ ሂወታውያን በሪሶም ጠፊኦም።

• ቅድሚ 200 ሚልዮን ዓመት ዝተኸሰተ ፍጻመ እቲ ራብዓይ ኢዩ። ን76 ሚእታዊት ናይ'ቲ እዋን ዘርኢ ሂወታውያን ዝለከመ ፍጻመ ድማ ኢዩ።

• እቲ ሓሙሻይን ናይ መወዳእታን ኣጋጣሚ ቅድሚ 65 ሚልዮን ዓመታት ዘጋጠመ ኢዩ። ንዳይኖሰራት ሓዊስካ 76 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ዘርኢ ሂወታውያን ካብ ከርሲ መሬት ጸኒቶም።

ግንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ዝጸዓረ ጻማኡ እንኩሓፍስ

“ኩበርታትና መርሓና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፣ ንሰለስተ መዓልታት ብውዕዉዕ ሃገራዊ ፍቕርን ስምዒትን ዝተጸንበለ 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፣ ብ20 ሓምለ ከምዝተዛዘመ ይፍለጥ። ኣብ ቅንያት’ቲ ፈስቲቫል ዝተፈላለዩ መደባት፣



ካፒተን ፍቓዱ ስዩም

ፍርያት ምህዞን ሰንዓን፣ ስእላዊ ኤግዚቢሽን፣ ያታውን ዘመናውን ስፖርትን ካልኦትን ንዕዱማት ክፉታት ኩይኖም ቀንዮም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ከኣ፣ ከም ኣብ ምህዞን ሰንዓን ብሉጽ ስራሕ ብምቕራብ ጹብለል ዝበሉ መንእሰያት ዝተፈላለየ ሸልማት ተዋሂቦም።

እቲ ሸልማት ናይ ምሃብ መደብ ብቐንዱ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ዝተወደበ'ዩ። እቲ ማሕበር፣ ተማሃሮን መንእሰያትን ኣኣብ ዝተዋፈሩሉ ዓውዲ ዝያዳ ኣፍሪዮቲ ንምግባሮም ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፣ ግንባርን መሻርኽትን ብምውህሃድ መንእሰያት ኩተባብዕ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ'ዩ። ከም መርኣያ ናይዚ ከኣ፣ ኣብ መልቀቒ መርመራ ናይ 2ይ ደረጃ ምሉእ ነጥቢ (4) ንዘምጽኡ ተማሃሮ ክወሃብ ዝጸንሐ ሸልማት ዛግረ ከምኡ’ውን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብሉጽ ነጥቢ ኣምጺኦም ናብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ንዘሰጋገሩ ተማሃሮ፣ ብብዝሒኡ ዝወሃብ ሸልማታት ክጥቀስ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ ምስ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ብዝተኣሳሰር፣ ሸልማት ምህዞን ሰንዓን፣ ሸልማት ሶይራ ከምኡ’ውን ሸልማት ሳዋ ኣብ ምሃብ ክጥቀሱ ጸኒሖም ኣለዉ።

ምህዞን ሰንዓን ሓደ ካብቶም ኣብ ሳዋ ኣብ ዝቃናዕ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኣተኩሮ ነጋድያን ዝስሕብ ኣካል ምርኢት ከም ምዃኑ መጠን ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት 6ይ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ፣ እዞም ዝተጠቕሱ ሸልማት ዘውህቡ ንጥፈታት ኣካል ናይቲ ቅንያት ኮይኖም ድምቀት ካብ ዝሃቡ'ዮም። እቲ መደብ ሸልማት፣ ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ'ውን ዘሳተፈ'ዩ ነይሩ። እቶም ነዚ ሸልማት ዝበቕዑ ፍርያት፣ ኣብ ዓውደ ኤሌክትሮኒክስ፣ ዓውደ ሓበሬታን መካኒክን ዕውታት ዝኾኑ'ዮም። ነዚኣቶም ብብደረጃኦም ናይ ገንዘብ ከምኡ’ውን ናጻ ዕድል ንተወሳኺ ሞያዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ምዃኑ ኑቶም ዝተዓወቱ ተማሃሮ ተገሊጹሎም።

ሸልማት ሶይራ ልዕሊ ምትብባዕ ዝኸይድ ትርጉም ዘለዎ'ዩ። እዚ ሸልማት ኣብ መንእሰያት ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ብምዕባይ፣ ኣብ ሕብረተ-ሰብ እወታዊ ጽልዋ ዘለዎ ኣበርክቶን



ኣብ ወጻኢ ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ሳዋ

መሃዘሎትን ክገብሩ ኣብ ምድራኽ ከኣ ኣዝዩ ሓጊዚ'ዩ። መንእሰያት ንዘለዎም ዕቑር ዓቕሚ ብምፍታሽ ብውልቅን ብጉጅለን ዓቕምታቶምን መሃዘሎቶምን ዘበራብርሉ ባይታ ምፍጣር ድማ'ዩ ዕላማኡ።

ዳዊት ኪዳን ተስፋስላሴ ሓደ ካብቶም ሸልማት ሶይራ ክዕተሩ ዝበቕዑ፣ ሃገር ከጸውዑ ብሩህ ተስፋ ዘለዎም መንእሰያት'ዩ። ኣበርክቶኡ ኣብ ዓውደ ሰንዓ ዝተኩረ ኩይኑ፣ ብዘገበሮ ጻዕርን ምብልሓትን ካብ ባህርያዊ ጥረ ነገርን ሓመድን ከቡቢያዊ ብከላ ዘየኸትል ቀለም ክሰርሕ ዝኸኣለ እዩ። “እዚ ሎሚ ክዕወተሉ ክኢለ ዘለኹ ስራሕ፣ ኣብ 2011 ዝጀመርክዎን ኣብ 2012 ብዓወት ኣብ መፈጸምትኡ ዘብጻሕክዎን'ዩ” ብምባል፣ ካብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን፣ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን - ክፍሊ ማዕድንን ኣብ 2014 ንብቕዓት ስርሑ ዘረጋግጽ ሕጋዊ ወረቐት ምስክር ከምዝተዋህቦ ይዛረብ። ዳዊት ብተወሳኺ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ‘ዳዊት ውጽኢት ቀለም’ ዝብል ስም ዝሃባ ትካል ገይሩ ከም ዘሎን ትካሉ ኣርባዕተ ዓይነት ቀለም ማለት ናይ መንደቕ፣ ማዕጾ፣ ጨርቅን ማተቴላን ፍርያት እናኣፍረየት ኣብ ዕዳጋታት ተቕርብ ምህላዋን ይገልጽ። ኣብ ትካሉ ዝፈሪ ቀለም ካብቲ ብደገ ዝኣቱ ዝሓሰረ ዋጋ ምዃኑ ዝገልጽ ዳዊት፣ ንኣብነት ናይ ኣርባዕተ ሊትሮ ናይ ደገ ቀለም ዋጋ 450 ናቕፋ ክኸውን እንከሎ፣ ኣብ ትካሉ ዝፈሪ ቀለም ግና ንሓሙሽተ ሊትሮ ካብ 250 ክሳብ 280 ናቕፋ'ዩ ዝሸየጥ። ብልጫ ናይዚ ፍርያት ብቕዓቱ ጥራይ ዘይኮነ፣ ካብ ጨናን ካልእን ናጻ ምዃኑ'ዩ ከኣ ዳዊት ዘረድእ።

ኣብርሃም ሚካኤል'ውን ሓደ ካብ ዕዉታት መንእሰያት'ዩ። ኣበርክቶኡ ኣብ ዓውደ ምውሳኽ እቶታውነት ሕርሻ ኣግሮ-ኢንዳስትሪ ዝቐንዐ'ዩ። ንሱ ንናይቲ ብስድራ-ቤቱ ዝውነን ናይ ጸባን ውጽኢትን ትካል እቶት ኣብ ምብራኽ ከምዝኸጠፈን ብፍላይ ምህርቲ ፋርማጆ መዓልታዊ 300 ሊትሮ ዝበረ፣ ናብ 5 ሽሕ ሊትሮ ክብ ከምዝበለ የገንዝቡ።

ኣባል ሳልሳይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካፒተን ፍቓዱ ስዩም'ውን ሓደ ካብ ዕዉታት ሸልማት ሶይራ'ዩ። ንሱ ቅድሚ 14 ዓመት ኣብ ግንባር ዓሰብ ናይ ዝፈጸሞ ፍሉይ ቅያ ሞሳ'ዩ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተቐቢሉ። ብ16 ሓምለ 2000 ዓ.ም. ሰዓት 9:30 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ግንባር ዓሰብ፣ ሓርሲለ ኣብ ዝብሃል ቦታ ሃንደበት ነፈርቲ ኩናት ወያኔ ይመጽኣ። ኣጋጣሚ ድማ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ኣዘዝቲ ብምኽንያት ስራሕ ኣብ ቦታ ስርሖም ኣይነበሩን። እቲ ኩነታት ዘየላቡን ግዜ ዘይህብን ስለዝነበረ ከኣ፣ እቲ ሳዋ መልሚላ ኣብ ከምዚ ደረጃ ዘብቅዓቶ ካፒተን ፍቓዱ ስዩም ናይ ገዛእ ርእሱ ስጉምቲ ብምውሳድ ሚሳይል ተኩሱ ነተን ነፈርቲ ሓምሺሹወን። ኣብቲ ከባቢ ከውርድኦ ዝሓሰባ ሃሰያ ከምዝበርዕን ዝገበረን ብኡ መጠን ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ጭንቀት ዘዕረገ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ወገን ሰራዊት ከኣ ሞራል ክብ ዘበለን ስጉምቲ ድማ'ዩ ወሲዱ።

“ኣነ ከምዚ ዝኣመሰለ ሸልማት ክረኩብ ሓሲበዮ ኣይፈልጥን። እዚ ክፍጽም እንከለኹ፣ ኣብቲ ቦታ ሓድሽ ኢየ ነይረ” ይብል። ኣብቲ እዋን ካብ ክልተ ንላዕሊ ነፈርቲ ጸላኢ ከም ዝተራእያ ራዳር ሓበሬታ ምስ ሃቦም፣ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ክሕብሩ ናብ ሓለፍቶም'ዮም ተጓይዮም። ይኹን'ምበር ሓለፍቲ ብስራሕ ምኽንያት ኣብ ቦታኦም ስለ




ዳዊት ኪዳን

ዘይነበሩ፣ እቲ ኩነታት ዘየላቡ ኩኖም። ነፈርቲ ካብ ኢትዮጵያ ተበጊሰን፣ ብኾቦ ሙሳ ዓሊ ኣቢለን እናቐረባኦም ስለዝመጻ ድማ፣ ዘይተደልየ ክሳራን ሳዕቤንን ከኸትላ ከም ዝኽእላ ተገንዚበዎ። ስለዚ ገለ ክገብሩ ከም ዘለዎም ኣመኑ። ሚሳይል ተተኩሱ ከኣ ዕዉት ስራሕ ተፈጺሙ። ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ንካፒተን ፍቓዱ ናይ ዓወቶም ብስራት'ዩ መጺኡዎ። “ኣዝዩ ዕዉት ስጉምቲ'ዩ። እንቋዕ ሓጎሰና” ትብል ካብ ላዕለዋይ ቤት-ጽሕፈት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ናብኦም ዝተላእከት ደብዳቤ ተቐቢሉ።

ወተሃደራዊ እዝን ቁጽጽርን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብተዘማዲ ምእኩል ብዘይምዃኑ፣ ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ዘሎ ሓላፊ ይኹን ተራ ኣባል ሰራዊት ኩነታት እንተደረኾም፣ ካብ ሓለፍቱ ትእዛዝ ከይተጸበየ ኣድላዪ እዩ ዝበሎ ውሳነ ክወስድ ባይታ ኣለዎ። ፍቓዱ'ውን እዚ ኣካይዳ'ዚ ዝያዳ ከምዝተጥቀመሉ'ዩ ዝሕብር።

ብሓፈሻኡ'ምበኣር ናይ ሎሚ ዓመት ዕውታት ሸልማት ሶይራ፣ ዳዊት ኪዳን ተስፋስላሴ፣ ካፒተን ፍቓዱ ስዩምን ኣብርሃም ሚካኤልን ነፍሲ ወከፎም 100 ሽሕ ናቕፋ'ዮም ተሸሊሞም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ወጻኢ ሃገር ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ንዝዛዘሙ ዝወሃብ ሸልማት ሳዋ'ውን ንኣስታት 150 መንእሰያት መዳልያ ብምሃብ ተሰላሰለ'ዩ። ዕዉታት ተሸለምቲ ዝተዳለወሎም ሸልማት ካብ ኢድ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ'ዮም ተቐቢሎም።

# ካብ ዝን ትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ጸጥታዊ ከበቢ

ኣብ ሰሜን ኣሜሪካዊት ሃገር ሜክሲኮ ኣብ እትርከብ ንእሽቶ ቁሸት፡ ብ'ጸጥታዊ ከበቢ' ዝፍለጥ ቦታ ኣሎ። እዚ ቦታ ዝኾነ ናይ ተሌቭዥን ይኹን ናይ ሬድዮ ኣገልግሎት ዝሁብ ሳተላይት ዘይበጽሖ'ዩ። ስለዚ ኣብቲ ቦታ ዝኾነ ናይ ሳተላይት ወሃቢቲ ኣገልግሎት ትካል የለን። ናይዚ ምኽንያት ንጹር ሓበሬታ'ኳ እንተዘየለ ናይ ፈለማ ከንቲባ'ታ ቁሸት፡ ካብ ሰፍራ ሸፋቱን ሸቃጥቲ ወገዝ ሓሸሽን ነቲ ቦታ ንምድሓን ዝወሰዶ ተግባር ከምዝኾነ ይንገር። ከም ኣገላልጻ ተቓማጦ'ታ ቁሸት እቲ ከበቢ ሰላምን ህዱእ ህይወትን ዝሓዘ'ዩ።

## ጥቕስታት

- ብዘይብልካ ነገር ምጭናቕ ዝለካ ነገር ምጥፋእ'ዩ።

ኬን ኬይስ

- ኣብ ዓለም እቲ ዝሓየለ ሰብ፡ እቲ ንብይኑ ደው ዝበለ'ዩ።

ሄንሪክ ኢብሰን

- ኣብ ግዜ ጸልማት ጥራሕ ኢና ከዋኽብቲ ክንርኢ እንኽእል።

ኤመርሰን

- ዝኾነ ሰብ ኣብ ሕርቃን ክሰዕ ዘሎ፡ ቅኑዕ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።

ቺንግ

- ኣነ እቲ ዘሎኒ እንተኾይነሞ፡ ነቲ ዘሎኒ ድማ ዘጥፍእ እንተድኣ ኮይነ፡ ኣነ መን'የ ክበል እኽእል?

ኤሪክ ፍሮም


- ኩሉ ሰብ ይጋገ፡ ለባም ሰብ ጥራሕ ግን ካብ ጌጋኡ ይእረም።

ዊንስተን ቸርችል

- ኣብ ጉዕዞ ህይወት ጌጋ ዝበሃል ነገር የለን፡ እትመሃረሉ ኣጋጣሚ'ምበር።

ኣፕራ

## ብርቱዕ ዝደምጽም ዓሌት ኣህባይ



ሃውለር ብዝብል ስም ዝጽውዑ ኣህባይ ኣብ ምድሪ ካብ ዝነብሩ እንስሳታት ዝለዓለ ድምጺ ዘውጹ እንስሳታት'ዮም። ኣብዚ ምድሪ ሓደስቲ ዓሌት ኣህባይ ከምዝኾኑ ዝተነግረሎም እዞም ኣህባይ መበቆሎም ኣብ ደቡብን ማእከላይን ኣሜሪካ ኣብ ዝርከብ ጫካታት'ዩ። ኣብ ሃገራት ደቡብ ኣሜሪካ ድማ ብብዝሒ ይርከቡ። ኣህባይ ሃውለር ግፍሕ ዝበለ ኣፍንጫ ዘውንኑ ኮይኖም ልዑል መግቢ ናይ ምሽታት ዓቕሚ ኣለዎም። ዓሌት ሃውለር ዝኾነት ህበይ ክሳብ ክልተ ኪሎ ሜተር ዝበጽሕ ርሕቀት ንዘሎ መግቢ ከተሽትት ትኽእል። ብተወሳኺ ኣህባይ ሃውለር ኣዝዩ ነዊሕ ዝቑመቱ ጭራ ዘለዎም ኮይኖም ብማእከላይ ገምጋም ቁመት ጭራ ሃውለር ህበይ 5 ሜተር ይበጽሕ። እዚ ድማ ሓሙሽተ ዕጽፊ ቁመት ናይ መላእ ኣካላቶም ምዃኑ'ዩ።

ቀንዲ መለለዪ ኣህባይ ሃውለር ካብ ጎረሮኦም ዝፍኖ ብርቱዕ ድምጺ'ዩ። ሓደ እኹል ኣብል ዓሌት ሃውለር ህበይ ክዓውር እንከሎ ክሳብ ሰለስተ ማይልስ ዝበጽሕ ርሕቀት ክስማዕ ይኽእል። ዕድመ ዓሌት ሃውለር ህበይ ካብ 15 ክሳብ 20 ዓመት ኮይኑ፡ ተባዕትዮ ሃውለር ግዝፉ ዝበለ ክብደት ኣለዎም።

## ብረይል

ኣብዛ ንኡብረላ ፕላኔት ዝርከብ ኩሉ ፍጡር ኣብ ነንሕድሕዱ ዝረዳድኣሉ መንገዲ ወይ ቋንቋ ኣለዎ። ደቂ ሰብ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዝተፈላለየ ብረይል ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ጉዳይ ስእነት ብርሃን ዝኾኑ ዓይነ ስውራን ዝጥቀሙሉ ምንባብ ምጽሓፍን ዘማእከለ ኣካል ዓንኬል ክቢ ብዝውቀጡ ነጥብታት ዝጸሓፍ ኮይኑ፡ ዓይነታት ፊደላት ኮነ ቁጽርታት ኣብ ሓንቲ ዓንኬል ብዝውቀጡ ነጥብታት ይፈላለ።



ኣገባብ ተጠቒሞም ይረዳድኡ ከም ዝነበሩ ታሪኽ የዘንቱ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቋንቋታትን ኣገባባትን ብኩሉ ኩርናዓት ዓለም ይዝውተር ኣሎ። ሓደ ካብ ዝውቱራት ኣገባብ ድማ ብረይል'ዩ።

ቋንቋ'ዩ። እዚ ንዓይነ ስውራን ከም ቀንዲ መረዳድኢ ቋንቋ ዘገልግል ብረይል ኣብ 1821 ብፈረንሳዊ ልዊስ ብረይል'ዩ ተማሂዙ። ኣብ ንኡስ ዕድመኡ (ኣብ ሳልሳይ ዓመቱ) ብዘጋጠሞ ባህርያዊ ሓደጋ ብርሃን ኣዒንቱ ዝሰኣነ ልዊስ፡ ገና ኣብ ናይ ንእስነት ዕድመኡ እዩ እዚ ኣገባብ'ዚ ካብ ሓደ ወተሃደር ዝተቐበሎ መረዳድኢ ኮድ ናብ ቅልል ዝበለን ዝሓሸን ኣገባብ ብምቕያር ንህይወቱን ህይወት ብዙሓት ዓይነ ስውራንን ክቕይር ዝኸኣለ። እዚ ሎሚ ብኹሉም ዓይነ ስውራን ዝውቱር ዝኾነ ብረይል ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ዓይነት ቋንቋን ብዝተፈላለየ ኮድ ይዝውተር ኣሎ።

ኣገባብ ኣጻሕፋ ፊደላትን ቁጽርታትን ብረይል ኣብ ሓንቲ ኣገባብ ኣጻሕፉ ብረይል ከምዚ ዝተገልጸ ኮይኑ፡ ነቲ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ንምንባብ ድማ ዓይነ ስውራን ኣጻብዕ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተወቕጡ ጽሑፋት ብምድህሳስ ንቑጽሪ እቶም ዝተወቕጡ ነጥብታት ብምፍላጥ የንብቡ። ብረይል ንምጽሓፍ መጽሓፊ ወረቐት ከምኡ'ውን ከም ብርዒ እንጥቀመሉ ናይ በሮ ቅርጺ ዘለዎ በሊሕ ጫፍ ዘለዎ መጠወቒ የድልየና።

ኣብ ዓለም ብዓይነትን ቅርጽን ዝተፈላለዩ ዓይነት ብረይል ኣለው፡ እቶም ዝውቱራት ብረይል ክልተ ኮይኖም ቀዳማይ ደረጃ ብረይልን ካልኣይ ደረጃ ብረይልን ተባሂሎም ይጽውዑ። እቲ ቀዳማይ ደረጃ ንጀመርቲ ዘገልግል ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ንመበኡታዊ ደረጃ ዝበጽሑ ተጠቀምቲ ዘገልግል'ዩ።

### ሰለስተ ነገራት ኣብ ህይወት

ኣብ ህይወትካ ዘይምለሱ ሰለስተ ነገራት
- ግዜ
- ቃል
- ዕድል

ኣብ ህይወትካ ከተተግብሮም ዘለካ ሰለስተ ነገራት
- ህድኣት
- ቅንዕና
- ትሰፍው ምዃን

ኣብ ህይወትካ ኣዝዮም ዘገድስኻ ነገራት
- ርእሰ ምትእምማን
- ፍቕሪ
- ሓቀኛ መሓዛ

ኣብ ህይወት ዘይተርፉ ሰለስተ ነገራት
- ሕልሚ
- ዓወት
- ጸሕፍቶ

ንህይወት ዘፍንዉ ሰለስተ ነገራት
- ሕማቕ ወልፊ
- ንዕቀት
- ሕርቃን

### ብሁል

"ምስ ገዛኻ ዝጽብጹብ ደቂ?" ሰምኦን ንኣፍቃሪቱ "ቅድሚ መርዓና ሞባይል ክትገዝኣለይ ዲኻ?" ምስ በሎቶ ዝሃባ መልሲ።

ፍጹም ተኣገስ (ኮብራ)

### ኣገረምቲ ሓቅታት

- ዘራፍ ልዕሊ ገመል ማይ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣለዎ።
- ሸውሃት ደቂ ሰብ ኣብ ሰማይ ዕጹው ኮይኑ፡ ካብ ምድሪ ኣስታት 10 ሽሕ ሜትሮ ጫማ ኣብ ዘሎ ርሕቀት ጣዕሚ መግቢ ክተስተማቕር ኣይከኣልን'ዩ።
- ኣብ ካሊፎርንያ ዝኾነ ናይ ሃድን ፍቓድ ዘይብሉ ሰብ ናይ ኣንጭዋ መጻወድያ'ውን ኣይፍቀደሉን'ዩ።
- ኣብ ሳልቫዶር ኣብ እትርከብ ሓንቲ ቁሸት፡ መስተ ሰትዩ መኪና ዝመርሐ ሰብ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ይወሃቦ።
- ኣብ ዓለምና እቲ ዝበለጸ ዱኽዒ ቖልቖል ደረወሀ'ዩ።
- ኣሰማት ኩሉን ኣህጉራት ዓለምና ብቋንቋ እንግሊዝ ክጽሓፍ ከሎ መጀመርታን መወዳእታን ፊደላት ናይተን ኣህጉር ሓደ እዩ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er




## ኢዩገን 2014

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ መበል 15 ዓለማዊ ውድድር ትራክን ፊልድን መንእሰያት ኣትሌታት (15th IAAF World Junior Championships)፡ ኤርትራዊ ኣትለት ጺጋይ ጥዑማይ ኣብ ውድድር 5000 ሜትር ፍጻመ ሻውዓይ ደረጃ ምሓዙ መርበብ ሓበሬታ ያፍ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ፡ ኤርትራ፡ ብትሑት ቁጽሪ ኣትሌታት ዝተሳተፈትሉ ውድድር፡ ጺጋይ ነቲ ርሕቀት ብ13 ደቒቕን 50 ካልኢትን 78 ንኡስ ካልኢትን ክዛዝሞ እንከሎ፡ ዕውት ናይቲ ውድድር ኢትዮጵያዊ የሚፍ ከጀልቻ ብ13፡25.19 ብዝኾነ ግዜ ኣብ መስመር ፍጻመ በጺሑ።

ምስ ጺጋይ ካብ ዝተጓዕዙን ኣብ ውድድር 10,000 ሜትር ዝተሳተፈን ኣፈወርቂ ብርሃነ ብ28 ደቒን 45 ካልኢትን 83 ንኡስ ካልኢትን ራብዓይ ደረጃ ምሓዙ ይፍለጥ።

ኣብ ውድድር 800 ደቂ ተባዕትዮ ዝተሳተፈ ኣብርሃም ጺጋይ ካብ ናይ መጸረዪ ውድድር ክሓልፍ ኣይከኣለን። ኣብ ሳልሳይ ክፋል ናይቲ ውድድር ዝተሳተፈ ኣብርሃም ነቲ ርሕቀት ብ1 ደቒቕን 52 ካልኢትን 16 ንኡስ ካልኢትን ብምዝዛሙ ሻውዓይ ደረጃ ምሓዙ መርበብ ሓበሬታ ያፍ የነጽር።

ኤርትራ ኣብ ውድድራት ደቂ ኣንስትዮ ብሓንቲ ኣትለት ጥራይ እያ ተሳቲፋ - ብወይኒ ቀላቲ። እታ ኣብ 3000 ሜትር ጉያ ዝተሳተፈት ኣትለት፡ ንውድድራ ብ9 ደቒቕን 12 ካልኢትን 32 ንኡስ ካልኢትን ብምዝዛማ ሻመኣይቲ ኮይና። እቲ ግዜ ዝበለጸ ግዜ ናይታ ኣትለት ኮይኑ ኣብ መዝገብ ያፍ ክሰፍር በቒዑ ኣሎ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ኦሎምፒክ ተዘኪሩ

ብሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዓመታዊ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተዘኪሩ ዝውዕል መዓልቲ ኦሎምፒክ ዓለም ብሃገር ደረጃ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ከተማ ባረንቱ ምኽባሩ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ስፖርት ኤርትራ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ፡ ፌደረሽናት ስፖርት ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ኑቤያት ሃብተማርያምን ያሬድ ኣስመሮምን ከምኡ እውን ነበርቲ ከተማ ባረንቱን ኣብ ዝተረኽብሉ



ኣጋጣሚ፡ ናይ ህጻናትን ዓበይትን ውድድር ጉያን ጉታ ገመድን ተኻይዱ።

ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ፡ ካብ 2008 ጀሚሩ ነቲ ዓለማዊ ዕለት ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ከብዕሎ ምጽንሑ ይፍለጥ።




## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

= ሓድሽ ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ - ሉዊስ ቫን ሃል፡ ዋላኳ ጋንታኡ ምስ ሮማ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም 3ብ2 እንተተዓወተት፡ ብብቕዓት ተጻወትቱ ከምኡ እውን እታ ጋንታ ብዘርኣየቶ ትሑት ወሀደት ዘይዕግበቱ ገሊጹ። ኣብቲ ግጥም ወይን ሩኒ ክልተ ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ነታ ማታ ዘቑጸራ ሳልሰይቲ ሸቶ ድማ ሃንዲሱ። "ዝኣድ ብቕዓት ከየርኣና፡ ተዓዊትና" ይብል እቲ ሆላንዳዊ ኣሰልጣኒ።

= ኣከፋፋሊ ክለብ ኣርሰናል ጃክ ዊልሸር፡ ኣብ ላስ ቬጋስ ሽጋራ እናትከኸ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ከምዝኣተወ ይዝከር። እቲ ወዲ 22 ዓመት እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ኣብዚ ሳልስቲዚ ይቕሬታ ምሕታቱ ቢቢሲ ይሕብር። ጽባሕ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ካብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ብእዋኑ ኣብ ዝተፈላለየትሉ ግዜ ነቲ 'ጽዩፍ' ስራሕ ዝገበረ ዊልሸር፡ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ኣዋርሕ ክልተ ግዜ እዩ ሽጋራ እናትከኸ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ኣትዩ። ኣርሰናል ብኒውዮርክ ቡልስ 1ብ0 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም ን45 ደቓይቕ ዝተጻወተ ዊልሸር፡ ቡቲ ፍጻመ ንኣሰልጣኒኡ ኣርሰን ቨንገር ምቕሓሩ ይፍለጥ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣርሰናል፡ ንተኸላኻሊ ክለብ ሳውዝሃምፕተን ካሉም ቻምበርስ ብ16 ሚልዮን ፓውንድ ኩተፈርም ኣብ ጥርዚ ምብጽሓ ይግለጽ ኣሎ። እቲ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ትሕቲ 19 ዓመት ዝኾነ ተጻዋታይ፡ ኣብ የማናይ ክንፊ ከምኡ እውን ማእከል ናይ መስመር ምክልኻል ከድምዕ ይኽእል። በዚ ድማ እቲ 25 ጸወታታት ዘካየደ እንግሊዛዊ ነታ ለንደናዊት ክለብ ካልኣይ ኣማራጺ ተኸላኻሊ ክኾና ትጽቢት ከምዘሎ ቢቢሲ የረድእ።

= እስጳኛዊት ክለብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክለብ ሪያል ሶሴዳድ - ኣንቲኒ ግሪዝማን ኩተፈርም ላዕን ታሕትን ትብል ምህላዋ ተሓቢሩ። እቲ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣባል ናይታ ኣብ ብራዚል ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ እዩ።

= ሊቨርፑል ንደጃን ሎቨረን ብ20 ሚልዮን ፓውንድ ከምዘፈረሞቶ ኣፍሊጣ። እቲ ተኸላኻሊ ሳውዝሃምፕተን ሓሙሻይ ሓድሽ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ናይዚ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ወዲ 25 ዓመት ክሮኣሽያዊ ሎብረን፡ ንኣርባዕተ ዓመት ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ዝጸንሖ ኮይኑ፡ ሳልሳይ ተጻዋታይ ንሳውዝሃምፕተን ዝገደፈ (ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ እዩ) ኮይኑ ተመዝጊቡ ይርከብ። ሎቨረን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙንታት ኣሰር ናይቶም ኣቐዲሞም ካብ ሳውዝሃምፕተን ዝተፋነው ላምበርትን ላላናን ክረግጽ ከምዝደሊ ኣሚቱ ነይሩ። ዛጊት ሊቨርፑል ንላምበርት ብ4 ሚልዮን ፓውንድ፡ ንላላና ብ25 ሚልዮን፡ ንካን ብ10 ሚልዮን ካብ ባየር ለቨርኩሰን፡ ንማርኮቪች ብ20 ሚልዮን ካብ በነፊካ ከምኡ ድማ ንሎቨረን ብ20 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማቶም ምህላዋ ይፍለጥ። እቲ ልዑል መጠን ገንዘብ ዝወጸሉ ላላና ብሰንኪ ኣብ ብርኩ ዝገጠሞ ማህሰይቲ ኣብ ፈለማ ጸወታታት ናይ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት 2014/15 ኣይክስለፍን እዩ።

= ብራዚላዊ ተኸላኻሊ ማን ዩናይትድ - ራፋኤል፡ ብሰንኪ ዝገጠሞ ምጭብባጥ ጭዋዳ፡ ክለቡ ካብ እተካይዶ ዘላ ዑደት ወጻኢ ከምዝኾነ ተሓቢሩ። ትማሊ ንሕክምናዊ ክንክን ናብ እንግሊዝ ዘቕነዐ ራፋኤል፡ ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ብንጹር ኣይተሓበረን። ማን ዩናይትድ ፈላሚ ጸወታኣ ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምስ ስዋንሲ 16 ነሓሰ ኩተካይድ መደብ ተታሒዛላ ኣሎ።

= ካሜሩናዊ ሳሙኤል ኤቶ ብክለብ ዌስት ሃም ይህደን ኣሎ። ንኣሰልጣኒ ሳም ኣላርዲስ መሲጡ ዘሎ እቲ ጉዲም ተጻዋታይ፡ መተካእታ ኣንዲ ካሮል ከምዝኸውን እዩ ዝግለጽ ዘሎ። እንተኾነ ኤቶ ንሰሙን 100,000 ፓውንድ ክኽፈል ይጠልብ ብምህላው እቲ መስርሕ ምስግጋር ክደናጎ ከምዝኽእል ይግመት። ወዲ 33 ዓመት ኤቶ፡ ምስ ክለቡ ቸልሲ ዘለዎ ውዕል ብምብቅዑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናጻ ናይ ምስግጋር ተኽእሎ ኣለዎ።

## ሞቕሸሽ

### ምስ ቫን ፐርሲ ስእሊ ዝወሰደ ኣሳሳዪ ካብ ስርሑ ደስኪሉ

ምስ በዓልቲ ቤቱን ክልተ ደቁን ኣብ በርባዶስ እናተደረረ ምስ ሓደ ካብ ኣሰሳዪ ናይቲ ቤት መግቢ ስእሊ ዝወሰደ ኮኾብ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ቫን ፐርሲ፡ ጠንቂ ምድስካል ሰራሕተኛ ክኸውን ከምዝተገደደ ማዕከናት ዜና ሓቢረን። እቲ ጉዳይ ከምዚ እዩ። ክዩሶን ፎርደ ዝተባህለ ኣሳሳዪ ደጋፊ ማን ዩናይትድ እዩ። ንቫን ፐርሲ ምስ ረኣዮ ድማ ሓጎሱ ጥርዚ በጺሐ። ኣብቲ ዘሳስዮሉ ጣውላ ምስ መጸ እሞ . . .። ፎርደ፡ መግቢ ከምኡ እውን መስተ ነቲ ሆላንዳዊ ኮኾብ ድሕሪ ምስምዑ፡ ነቲ ዝረኸቦ ዕድል ክጥቀመሉ ደለየ። ሞባይል ቴለፎን ብምምጻእ ስእሊ ክወስድ። ንመቕርቡ ስእሊ ከርኢ ኣብ ማሕበራዊ መርበብ ሓበሬታታት ዝጸዓነ ፎርደ፡ ኣብ ዓይኒ ሓለፍቱ ኣተወ። እቲ ቤት መግቢ ድማ ነቲ ኣሳሳዪ፡ "ቫን ፐርሲ ተመጊቡ ከይከይድ፡ ስእሊ ንውሰድ ኢልካ ኣጨኒቕካዮ" ብዝብል ንኽልተ ሳምንቲ ካብ ስርሑ ኣደስከሎ።

# ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ

## እቲ ዝበለጸ ሊግ ናይ ዓለም ድዩ?

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ካብ ኣህጉር ኤውሮጳ ሓሊፉ ኣብ ሓያለ ኣህጉር ልዑል ተቐባልነት ከምኡ እውን ሰዓብቲ ዘለውዎ ሊግ እዩ። እቲ ውድድር፡ ንሓያለ ብደረጃ ዓለም ስም ዘለዎም ተጻወትቲ ሓቒፉ እኳ እንተሎ፡ ዝኸበሩ ተጻወትቲ ዓለምና ራሕሪሖሞ ናብ ካልእ ሊግ ብምቕንየም 'ዝበለጸ ሊግ ኣይኮነን' ዝብሉ ተንተንቲ ኵዕሶ እግሪ ኣብዚ ሕጂ እዋን ይበጽሑ ምህላዎም ይግለጽ ኣሎ።

= ጀምስ ሮድሪገዝን ሉዊስ ስዋረዝን ናብ ውድድራት ላ'ሊጋ ምግዓዞም

= ብሉጻት ከዋኽብቲ ኣብ ክለባት ሪያል ማድሪድ፡ ባርሴሎናን ባየር ሙኒክን ተዓቚቦም ምህላዎም

= በይልን ሞድሪችን ካብ ቶተንሃም ምውጽኦም፤ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ማስኬራኖን ስዋረዝን ካብ ሊቨርፑል ከምኡ ድማ ሮናልዶ ካብ ማን ዩናይትድ ምልቃቑ

= ንውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘጋውሓ መደበራት ተለቪዥን ኣተኩሮኣን ናብ ካልእ ሊግ ብምዛሩ እትዋቱ ብመጠኑ እናነከየ ምኻዱ

. . . ወዘተ ገለ ካብቶም 'ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ብሉጽ ሊግ ናይ ዓለም ኣይኮነን' ኢሎም ዝምጉቱ ሰባት ዘቕርብዎ ነጥብታት እዩ።

እቶም ተንተንቲ፡ ሓድሽ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ዝኾነ ጀምስ ሮድሪገዝ ንዘቕረቦ ነጥብታት ድማ ይድርዑ። እቲ 60 ሚልዮን ፓውንድ ወጽኢታት ዝተገብረሉ ተጻዋታይ፡ ንዓመት 5 ሚልዮን ፓውንድ መሃያ ክቕበል እዩ። ንሱ ንምንታይ ንሪያል ማድሪድ ክጽንበር ከምዝወሰነ ክገልጽ እንከሎ፡ "ሪያል ማድሪድ ዓባይ ጋንታ እያ። ሒዛቶም ዘላ ተጻወትቲ፡ ብቕዓት እታ ጋንታ፡ ኮታ ኩሉ ዘማልአት ጋንታ እያ። ብቕዓተይ ካብ እስጳኛ ሓሊፉ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ክረኣ እንተኮይኑ ድማ ምስዛ ጋንታ ክጽንበር ኣለኒ" ክብል ተዛሪቡ። "ልዕሊ ኹሉ ካብ ሮናልዶ፡ ክሮስ፡ ቤል፡ በንዘማ፡ ኣሎንሶን ሞድሪችን ዝቐስሞ ኣለኒ" በሃሊ እዩ። በዚ ድማ እንግሊዝ ራሕሪሩ ናብ ማድሪድ ተጓዒዙ።

ንናይ ስዋረዝ ጉዳይ ዝወሰኹ እቶም ተንተንቲ፡ ኣብ ሊቨርፑል ናብራ 'ዲቕ ዝበሎ ስዋረዝ ናብታ ፐፕ ጓርዲዮላ መሰረቱ ዘንጸፈላ ባርሳ እዩ መሪጹ። ምስ መሲ፡ ነይማርን ማስኬራኖን ኢኒስታን ክጻወት። ስዋረዝ፡ "ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘረባ ዝበዝሖ ውድድር" ክብል ድማ ይገልጾ።

ንቡንደስ ሊጋ ጀርመን ዝድህስሱ እቶም 'ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ብሉጽ ሊግ ናይ ዓለም ኣይኮነን' ዝብሉ ሰባት፡ ንባየር ሙኒክ ብቕዳምነት የልዕልዋ። ከምቲ እስጳኛ ዋንጫ ዓለም ክተልዕል ኣብ ላ'ሊጋ ዝተጻወቱ (ብዙሓት ምኳኖም እዮም) ልዑል ግደ ዝነበሮም፡ ሎሚ ድማ ኣብ ዓበይቲ ክለባት ጀርመን ዝተጻወቱ ጀርመናውያን ንሃገሮም ዋንጫ ዓለም ከምጽኡ ክኢሎም። እዚ ድማ ሓያልነት ናይቲ ሊግ ምኳኑ የረድኡ። ብተወሳኺ እውን ኣብቲ ሊግ ዝተጠርነፉ ተጻወትቲ ከም ማኑኤል ኑዌር፡ ሽዋይንስታይገር፡ ሩበን፡ ሪበሪን ጎተዝን እውን እቲ ሊግ ሰሓቢ ክኸውን ካብ ዝኽኣልዎ ተጻወትቲ ምኳኖም ንስታስቲክስ ብምጥቃይ ይምጉቱ።

ፊናንስ ቀንዲ ማሕነቕ ክለባት ምኳኑ ይግለጽ። ብፍላይ ተጻወትቲ ኣብ ምሽማት። እንተኾነ እቶም 'ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ብሉጽ ሊግ ናይ ዓለም ኣይኮነን' ዝብሉ ክኢላታት፡ ስድራቤት ግለዘር ናይ ማን ዩናይትድ፡ ሸኽ መንሱር ናይ ማን ሲቲ ከምኡ እውን ኣብራሞቪች ናይ ቸልሲ ተጻወትቲ ካብ ምግዛእ ዓዲ ኣይወዓሉን። እቲ ዘፍስስዎ መጠን ገንዘብ ግን ካብ ክለቦም ዘይሓልፍ ነቲ ሊግ ድማ ዘየሐይል ምኳኑ ይሕብሩ።

ዝኾነ ኮይኑ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብ ኣህጉር ኤስያን ኣፍሪቃን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሰዓብቱ እናወሰኺ ይኸዱ ምህላዎም ጸብጻባት የረድኡ። እንተኾነ፡ እዚ ብብቕዓት ናይቲ ሊግ (ተወዳዳርነት) ዘይኮነስ፡ እተን ክለባት ናብቲ ኣህጉር ብዘካይድኦ ዑደት ምኳኑ ድማ እቶም 'ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ብሉጽ ሊግ ናይ ዓለም ኣይኮነን' ዝብሉ ተንተንቲ ይውስኹ። ንስኹም ከ እንታይ ትብሉ?

# “መጥቃዕቲ እስራኤል ክቕጽል’ዩ” በኒያሚን ናታንያሁ



እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ከምእትቕጽሎ ቀዳማይ ሚኒስተር’ታ ሃገር በኒያሚን ናታንያሁ ሓቢሩ።

ናታንያሁ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኩሉ ከይወርዳ ስጊኣ ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ብባሕሪ፡ መሬትን ኣየርን እተካይዶ ዘላ ጽዑቕ ደብዳብ ናይ ምቁራጽ ሓሳብ ከምዘይብላ ኣፈሊጡ።

እስራኤል ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዝተጸወዐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ናይ ምቕባል ግዴታ ከምዘይብላ’ውን እቲ በዓል ስልጣን ኣፍሊጡ።

ንሱ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ዝወርድ ዘሎ ልዑል መጠን ሞት፡ መቐሰልትን ምምዛብልን ንሃገሩ ደገፍ ማሕበረሰብ ዓለም ከይትረኽብ ዕንቅፋት ከምዝኾነ’ኳ እንተኣመነ፡ ደገፍ ማሕበረሰብ ዓለም ንምርካብ ኢሉ መጥቃዕታ ደው ከምዘይተብል’ዩ ኣረዲኡ።

እስራኤል ብ8 ሓምለ ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ደብዳብ ካብ እትጅምር ዛጊት ህይወት 1062 ፍልስጤማውያን ከምዝጠፍኣን ልዕሊ 6 ሽሕ ደማ ከምዝቖሰሉን ጸብጻባት’ቲ ከባቢ ኣረዲኦም።

ብዘይካ’ዚ ብሰንኪ’ቲ ናይ ኣልማማ ደብዳብ ኣስታት 150 ሽሕ ፍልስጤማውያን ኣባይቶም ገዲፎም ኣብ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተዓቚቦም ከምዘለዉ እቲ ውድብ ኣፍሊጡ።

ኣብዚ ግጭት፡ ካብ ወገን እስራኤል 42 ወተሃደራትን 3 ሰላማውያን ሰባትን ከምዝተቐትሉ እቲ ጸብጻብ ብዘውሳኺ የመልክት።

ብኻልእ ወገን ትማሊ ፍልስጤማውያን ዒድ ኣልፈጥር ኣብ ዝጽንብልሉ ዝበዓሉ እዋን ደብዳብ ነፈርቲ ብመጠኑ ሃዲኡ ከምዝወዓለ በቢሲ ሓቢሩ። ይኹን’ምበር ኣብ ከተማ ቓዛ ሓሓሊፉ ድምጺ ተኹሲ ይሰማዕ ምንባሩ እቲ ምንጪ ይጠቅስ።

## ብርሃን ምሕረትኣብ

# “ኣብ ዩክሬን ብኩናት ዝሞቱ ሰባት ልዕሊ ሓደ ሽሕ በጺሖም” ውሕሃ

ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ብዘቕጽል ዘሎ ኩናት፡ ዛጊት ዝሞቱ ሰባት 1129 ምብጻሖም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘርገሖ ጸብጻብ ኣፈሊጡ።



እቲ ውድብ ብሰኑይ ከምዝሓበሮ፡ በቲ ኩናት ናይ ዝቖሰሉ ሰባት ብዝሒ ድማ 3442 ምብጻሖም ኣፍሊጡ።

ሰራዊት ዩክሬን ኣብ ምብራቓውያን ዞባታት ዩክሬን ወተሃደራዊ ወፍሪ ድሕሪ ምክያዱ፡ እቲ ግጭት ከምዝተጋሃረ’ዩ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝገለጸ።

በቲ ኸኒ ዝቕጽል ዘሎ ኩናት ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ዞባታት ሉሃንስክን ዶኔትስክን ከበድ ዕንወት ክወርድ እንከሎ፡ ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ብሓፈሻ ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ትሕተ ቕርጺ ምዕናዉ እቲ ጸብጻብ የመልክት።

ብመሰረት ጸብጻብ ናይቲ ውድብ፡ ዛጊት በቲ ኩናት ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ሰባት ካብ መንበሮኦም ተመዛቢሎም ኣለዉ።

ምስ ሩስያ ጥቡቕ ምትእስሳር ዘለወን ምብራቓውያን ዞባታት ዶኔትስክን ሉሃንስክን ልክዕ ከም ናይ ክሪምያ ካብ ዩክሬን ተፈሊየን ምስ ሩስያ ናይ ምጽንባር ጠለባት’የን ዘቕርባ ዘለዋ።

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብቲ ዞባ 298 ሰባት ዘሳፈረት ነፋሪት ማለዥያ ድሕሪ ምውዳቓ እቲ ተወሲዑ ዘሎ ኩናት ናብ ዝኸፍአ መድረኽ ከይሰጋገር ወጥሪ ከምዘሎ ምንጭታት ዜና የረድኡ።

# ኣመሪካውያን ሓካይም ብኢቦላ ይተሓዙ

ኣብ ላይበርያ ዝሰርሑ ክልተ ኣመሪካውያን ሰራሕተኛታት ረድኤት ብቫይረስ ኢቦላ ከምዝተታሕዙ ኣገልግሎት ዜና ኣሶሽየትድ ፕረስ ሓቢሩ።



ሓደ ካብኦም ግዳያት ዶክተር ከንት ብራትሊ ዝተባህለ ወዲ 33 ዓመት ኮይኑ፡ ኣብ ጽኑዕ ክንታት ከምዝርከብ እቲ ዜና ኣፍሊጡ። ንሱ ኣብ ላይበርያ ክሰርሕ ምጽንሑ ብዘውሳኺ ተገሊጹ።

ካልኣይቲ ግዳይ ኢቦላ ዝኾነት ኣመሪካዊት ናንሲ ራይቦል ዝተባህለት ኣደ ክልተ ቈልዑ ከምዝኾነትን ኣብ ዛምብያ ክትሰርሕ ምጽንሓን ተሓቢሩ።

ክልቲኦም ግዳያት ኢቦላ ዝኾኑ ኣመሪካውያን ኣብ ወሸባ ኣትዮም ከምዘለዉ እቲ ዜና የመልክት።

ካብ ዝሓለፈ ለካቲት ጀሚሩ ኣብ ምዕራባዊ ኣፍሪቃ ዝላባዕ ዘሎ ቫይረስ ኢቦላ 670 ሰባት ቀዚፉ ከምዘሎ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣመልኪቱ።

ብዘውሳኺ በቲ ቀታሊ ቫይረስ ዝተለኽፉ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ኣብ ወሸባ ኣትዮም ኣለዉ። ሃገራት ጊኒ፡ ሰራልዮን፡ ላይበርያን ናይጀርያን ድማ ቫይረስ ኢቦላ ዝላበዐን ዘሎ ሃገራት እየን።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ዜና፡ ላይበርያ ለቡዳቲ ሕማም ንምግታእ ዶባታ ዓጽያቶ ምህላዋ ኣፍሊጣ። ሰበስልጣን ላይበርያ እዚ ስጉምቲ ዝወሰድሉ ምኽንያት ሰገረ-ዶባዊ ምልባዕ ንምክልኻል ምዃኑ ገሊጾም።

ሕማም ኢቦላ፡ ብኣካላዊ ምትንኻፍ ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ ከም ልዑል ረስኒ፡ መድመይትን ዝኣመሰለ ምልክታት ኣለዎ። በቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ እቶም 60 ሚእታዊት ኣብ ወሸጢ ሒደት ኣዋርሕ ከምዝሞቱ ጸብጻባት ሕክምና የመልክቱ።

# ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ደቡባዊ ፊሊፒንስ ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ከምዘለዎ ዝነገረሉ ጉጅለ ኣቡ-ሳያፍ ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ 18 ሰባት ከምዝቖተለ ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ። እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ፊሊፒንስ’ዩ ተፈጺሙ።

ኣብቲ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 50 ዝኾኑ ኣባላት ኣቡሳያፍ ከምዝተሳተፉ ሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ፊሊፒንስ ገሊጹ። እቶም ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ክልተ ወተሃደራውያን መካይን ናይ ድብያ መጥቃዕቲ ከካይዱ እንከለዉ፡ ኣብኣተን ወተሃደራት ጥራይ ዘይኮኑ ቈልዑ ዝርከብዎም ሰላማውያን ሰባት ምንባሮም እቲ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኣረዲኡ።

ጉጅለ ኣቡሳያፍ ኣብ 90’ታት ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ኣብ ፊሊፒንስ ተደጋጋሚ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ክካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።

***

ኣባላት ጉጅለ ቦኮ ሓራም፡ ንበዓልቲ-ቤት ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ካሜሩን ከምዝጨወዩ ኣፍሊጦም። እቶም ዕጡቓት ናብ ሰሜናዊ ካሜሩን ሰሊኾም ብምእታው’ዮም ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ በዓል-ስልጣን መጥቃዕቲ ፈጺሞም። ነቲ መጥቃዕቲ ዘካየዱ ኣባላት ቦኮ ሓራም፡ ብዘውሳኺ ንከንቲባ ከተማ ኮሎፋታ ከምዝጨወይዎ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

እዚ መጥቃዕቲ’ዚ ቦኮ ሓራም ንኻልኣይ ግዜኦም ናብ ካሜሩን ብምእታው ዘካየድዎ’ዩ። ኣኽራሪ ጉጅለ ቦኮ_ሓራም ንሓያሎ ከባቢታት ሰሜናዊ ናይጀርያ ተቖጻጺሮም ምህላዉ ይፍለጥ። እቲ ጉጅለ ሰገረ ዶባዊ መጥቃዕትታት ክካይድ ግን እዚ ናይ ካሜሩን ናይ ፈለማ እዋን’ዩ።

***

ሆላንድ ኣብ ደሴት ኣሩባ ኣሲራቶ ዝጸንሐት ቨኔዝዌላዊ ጀነራል ሁጎ ካርቫያል ፈቲሓቶ። እቲ ብኣመሪካ ዝኸሰሰ ቨኔዝዌላዊ ጀነራል ናብ ሃገሩ ኣብ ዝኣተወሉ ብመንግስቲ’ታ ሃገር ናይ ጅግና ኣቀባብላ ከምዝተገብረሉ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እቲ ሓላፊ ወተሃደራዊ ጸጥታ ቨኔዝዌላ ኮይኑ ዝሰርሐ ጀነራል፡ ናብ ቈንስል ሃገሩ ኣብ ኣሩባ ኮይኑ ንምስራሕ’ዩ ናብታ ደሴት ከይዱ። ንደሴት ኣሩባ ዘመሓድር መንግስቲ ሆላንድ ግን እቲ ቈንስል ኣብ ጸለም መዝገብ ኣመሪካ ከምዘሎ ብምጥቃስ’ዩ ኣሲርዎ። ኣብ መንጎ ቨኔዝዌላን ሆላንድን ድሒሩ ብዝተኻየደ ዝርርብ ግን እቲ ጀነራል ከምዝተፈትሐን ድሮ’ውን ናብ ሃገሩ ከምዝተመልሰን እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ተቓውሞ ኽሽ.......



ቴሪ ሞርጋን ዋጋ ሓደ ሽሕ ዶላር ናይ ኢድ ሰዓት ካብ እትጠፍኦ ሓያሎ መዓልታት ኣሕሊፉ። “ዛ ክቡር ዝዋጋኣ ሰዓት ንምርካብ ክንደይ ቦታ ዘይፈተሽኩ” ይብል ንሱ። ንምሽቱ ኣብ ሓደ ክፍሊ ኮይኑ ቲቪ እናተዓዘበ ትሑት ድምጺ ደወል ናይ ሰዓቱ ሰሚዑ። ናብቲ ዝሰምዖ ድምጺ ገጹ እንተተዓዘበ ግን እቲ ከልቢ ኣብ ምንጻፍ ደቂሱ ነበረ። ጸቒጡዋ ከይኸሉ ብምባል ድማ ነቲ ከልቢ ከተስኦ ግዲ ኮኖ። ኮይኑ ግን ሕጂ’ውን ሃሳስ ድምጺ ደወል እንተዘይኮይኑ፡ ሰዓት ኣሰራ ኣይተረኸበን። ጸኒሑ ግን እቲ ዝፈትዎ ከልቢ ውሒጡዋ ከይከውን ጠርጠረ። ብቕልጡፍ ናብ ትካል መርመራ ኤክስሬይ ብምኻድ ነቲ ከልቢ ምስኣመርመሮ ድማ ኣብ ከስዑ ከምዝላ ተረጋገጸ።

ሓካይም እንስሳታት ነቲ ከልቢ ብዘገበርሉ መጥባሕቲ ቴሪ ነታ ስርሓ ዘቋረጸት ሰዓቱ ክረኽብ ክኢሉ። “እቲ መጥባሕቲ ኣስታት 2 ሽሕ ዶላር ዝወደኣ’ዩ ሰዓተይ ንምርካበን ነቲ ዝፈትዎ ከልቢ ንምድሓንን ክብል’የ ነቲ ክቡር መጥባሕቲ መሪጸዮ” ይብል ንሱ።

| በዓል ተራ ቤት መድሃኒት | ዕለት | ኣድራሻ | ቍ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳህላክ | 29/07/2014 | ጎደና ገጀረት ቁ.751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |
| ፋርማሲ ጃልያ | 29/07/2014 | ጎደና ሰገለይቲ ቁ.84 ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |
| ቤት መ/መ/ምሕረት | 29/07/2014 | ጎደና መረብ ቁ.18 ከባቢ ካምፖቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቍ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲ’ውን ክፍትቲ ኢያ። ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 ጐ. ናቕፋ ቍ.1 127565